# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.217 ሰሉስ 12 ግንቦት 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ውሕሉል ኣገባብ ኣጠቓቕማ...




ገጽ 4
ስነ-ጥበብ መኸተ



ገጽ 5
'ጽሩይ መስተ' ሓቢኡዎ...



ገጽ 7
ምልክታ


## ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብዛዕባ ልምዓታውን ምምሕዳራውን ንጥፈታት ዘትዩ

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ብሓፈሻ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ባድመ ድማ ብፍላይ ክትግበሩ ተወጢኖም ብዛዕባ ዘለዉ ልምዓታውን ምምሕዳራውን ንጥፈታት፡ ብ9 ግንቦት ምስ ነበርቲ ዘትዩ።

ህዝቢ ርጉእ መነባብሮ ዝመርሓሉን ብቐረባ ምምሕዳራዊ ኣገልግሎት ዝረኽበሉን ባይታ ንምፍጣር ክሰራሕ ምጽንሑ ዝጠቐሰ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ባድመ ዝተኻየደ ምርጫ ኣመሓደርትን ዕደላ ነባርነትን፡ ከምኡ'ውን ተዋዲዱ ዘሎ ኣገልግሎታት ትምህርትን ጥዕናን መርኣያ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ዕደላ ናይ ሕርሻን መንበርን መሬት፣ ምቛም ዕዳጋን ምጅማር ኣገልግሎት መጐዓዝያ ሓራትን ኣብ ቀረባ መጻኢ ዝትግበሩ መደባት ከምዝኾኑ ኣብሪሁ።

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ግርመ ብተበግሶ ህዝብን ኣበርክቶ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል - እዚ ምዕራብን ትህነጽ ዘላ ቤት-ትምህርትን ኣብ ከባቢ ባድመ ንሕርሻዊ መዓላ ክውዕሉ ዝኽእሉ ከባቢታትን ዝተዓዘበ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ምቅላል ሽግር ዝሰተ ማይ፡ ምግታእ ብርሰት ኣግራብን ዘይሕጋዊ ተጠቃምነት ናይ ሕርሻ መሬትን፡ ምጥርናፍ ደምበታትን ቁሸታትን፡ ከምኡ'ውን ምትእትታው ጽፉፍ ስርዓተ ምሕደራ ኣብ ዓበይቲ መደባት ምዃኖም ብምሕባር፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብውህደት ክምዝሰራሕ ኣገንዚቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ባድመ ዝዋደድ ዘሎ መሰረታዊ ኣገልግሎታትን ተፈጢሩ ዘሎ ምቹእ ናይ ልምዓት ሃዋህውን፡ መነባብሮኦም



ዘመሓይሽሉ ባይታ ከምዝፈጠረሎም ብምጥቃስ፡ ተሪፉ ዘሎ ኣገልግሎታት ክማላእ ኣተሓሳሲቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ መደባት ልምዓትን ምምሕዳራዊ ኣገልግሎታትን ብዘይ ንቑሕ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ብዘይ ዕዙዝ ሱታፌ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ድማ ብፍላይ ብምልኣት ክትግበር ስለዘይክእል፡ ኮም ዝሰረቱ ልምዓታዊ መደባት ብዘለዓለ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ።

## ማእከል - ጽንብል ናጽነት ንምድማቕ ሰፊሕ ምድላዋት ተገይሩ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ "ጽንዓትና ዋሕስና'' ብዝብል ቴማ ንዝበዓል ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት ንምድማቕ፡ ካብ ወርሒ ጥሪ ጀሚሩ ሰፊሕ ምድላዋት ከምእተገብረ ተገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ ኣስመሮም ጸጋብርሃን፡ እቲ መደባት - ቀነ ናጽነት ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ካርኒቫል፡ ህዝባዊ ጓይላ፡



ባህላዊ ምርኢት፡ ኮማዊ ዳሳትን ካልእን ከምዝጠቓልል ኣረዲኡ።

እቲ መደባት ድሮ ብ5 ግንቦት ብቕነ ናጽነት ኣብያተ-ትምህርቲ መጋረጃኡ ከምዝቐንጠጠ ዝሓበረ ኣቶ ኣስመሮም፡ ኣብ'ዚ ክሳብ 23 ግንቦት ዝቕጽል መደብ፡ ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ተዘርጊሐን ዝርከባ 312 ኣብያተ-ትምህርቲ ይሳተፋ ከምዘለዋ ሓቢሩ።

ካርኒቫል፡ ሓደ ካብ'ቲ ፈጠራዊ ክእለት መንእሰያት ዝንጸባረቐሉ መድረኽ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከባ 13 ንኡሳን ዞባታት ብሓባር ከምዝሳተፍኦ ኣብሪሁ።

"ኮማዊ ዳሳትና መግለጺ ሓድነትና'ዩ" ዝበለ ኣቶ ኣስመሮም፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ንኡሳን ዞባታት ኣስመራ 59፣ ኣብ ንኡሳን ዞባታት በሪኽ፡ ጋላ-ነፍሒን ሰረጀቓን ድማ 143 ዳሳት ናጽነት ክትከል መደብ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ኣስመሮም፡ ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት ንምድማቕ ኣበርክቶ ንዘገበሩ ዘለዉ ኣካላትን ህዝብን ምስጋና ኣቕሪቡ።

## ኣብ ምስሳን ሃብቲ እንስሳን ውጽኢቱን ኣተባባዒ ገስጋስ ተመዝጊቡ

ኣብ ዝሓለፈ 35 ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ኣብ ምስሳን ሃብቲ እንስሳን ምውሓስ ጥዕና ጥሪትን ኣድማዒ ስራሕ ከምእተሰላሰለ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ገሊጹ።

በዚ መሰረት፡ ዝተፈላለዩ ሕማማት ጥሪት ንምቍጽጻር፡ መንግስቲ መደባት ክታበት ብምስፋሕ፡ ካብ 2013 ጀሚሩ ዓመታዊ 2.5 ሚልዮን ጥሪት፡ ኣንጻር ሕማማት ጉልሓይ መሰል ጤለ-በጊዕ፡ ፍሮማይ ከብቲ፡ ፍሮማይ ጤለ-በጊዕ፡ ኣናሶን ካልኦትን ይኽተባ ምንባረን፣ ካብ 2025 ጀሚሩ ድማ እቲ ቍጽሪ ናብ ልዕሊ 6 ሚልዮን ክብ ከምዝበለ፡ ከም ውጽኢቱ ተርእዮ ሕማማትን ሞትን እንስሳታት ናብ ዝተሓተ ደረጃ ከምዝወረደ ተፈሊጡ።


እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ፈለማ እዋን ናጽነት - ብዘይካ'ተን ኣብ ገጠራት ብልምዲ ዝተሓዛ ዝነበራ ደርሁ ገደና፡ ምርባሕ ደርሁን ምፍራይ እንቋቝሖን ከም ዋኒን ዝሕዞ ሰብ ኣዝዩ ውሑድ ምንባሩ ዝጠቐሰ ጸብጻብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ መንግስቲ ምሩጻት ዓሌታት ኣደታት ጨቓዊት ካብ ወጻኢ እናምጽአ፡ ልዕሊ 8 ሚልዮን ጨቓዊት ኣዕኪኹ ንተጠቀምቲ ከምዝዓደለ ኣነጺሩ።

ኣብ መፍረ ጸባ ድማ፡ ኣብ 1991 ኣስታት 19 ሽሕ ዝግምገም ዝነበረ ዕስለ ኣናህቡ፡ ብዘገምታ ዕብየት እናኣርኣየ ብምምጻእ፡ ኣብ'ዚ እዋን ናብ ልዕሊ 46 ሽሕ ዓበዩ ከምዝርከብ ገሊጹ።

ባህላዊ ቀፎ ንህቢ ብዘመናውን ጋብላውን ቀፎታት እናተተክአ ይመጽእ ምህላዉ ዝጠቐሰ ጸብጻብ፡ ካብ ጠቕላላ ዘሎ ቍጽሪ ኣናህብ እቲ 51 ሚእታዊት ብዘመናዊ ቀፎ፡ 41 ሚእታዊት ብባህላዊ ቀፎ፡ 8 ሚእታዊት ድማ ብጋብላዊ ቀፎ ተታሒዙ ከምዘሎ፣ በዚ መሰረት'ውን ምህርቲ መዓር ካብ ከምዝበለን ዋጋኡ ብልዕሊ ፍርቂ ከምዝነከየን ኣብሪሁ።

ጽንዓትና ዋሕስና! !صمودنا... ضماننا
OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE!

## ተጋዳላይ ርእሶም ሃብተሚካኤል ተሰዊኡ



ኣባል ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን - ገዲም ተጋዳላይ ርእሶም ሃብተሚካኤል ወልደሚካኤል፡ ብ9 ግንቦት ኣብ መበል 70 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ሕዳር 1975 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ርእሶም፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ክፍሊ ሕርሻ፡ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ክፍሊ ሕክምናን ክፍሊ ዜናን፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ፈለማ ኣብ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዳስትሪን፡ ካብ 2009 ክሳብ ዕለተ መስዋእቱ ድማ ኣብ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ተመዲቡ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስዉእ ገዲም ተጋዳላይ ርእሶም፡ ብዓል-ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ደቅን'ዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 11 ግንቦት ሰዓት ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ኤርትራ፡ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ ርእሶም ሃብተሚካኤል ወልደሚካኤል ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም'' ይብል።

ዜና

# ማእከል - ንብሉጻት ተመሃሮ፡ ሽልማት 'ፊተውራሪ' ተዓዲሉ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ብሉጽ ወጽኢት ዘመዝገቡ 481 ተመሃሮ፡ ሽልማት 'ፊተውራሪ' ተዓዲሉ።

ብ9 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ምሽላም፡ ንሽልማት ዝበቕዑ፡ 90 ሚእታዊትን ልዕሊኡን ዘምጽኡ ክኾኑ ከለዉ፡ እተን 55 ሚእታዊት ደቀንስትዮ'የን።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ንተሸለምቲ መዳልያን ወረቐት ምስክርን፡ 99 ሚእታዊት ዘመዝገቡ 6 ሃብርም ተመሃሮ ዋንጫ፡ ከምኡ'ውን ንብሉጻት ኣብያተ-ትምህርቲ ገንዘባዊ ሽልማት ተዓዲሉ።

ሓላፊ ጨንፈር ሃገራውነት ኣቶ ሳምሶም ክፍሉ፡ ማሕበር - መንእሰያት ተመሃሮ ኣብ ትምህርቲ ዘለዎም ተገዳስነት ንክብርኹ፡ ምስ ኩሎም መሻርኽቲ ብፍላይ ድማ ምስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ እናተወሃሃደ ዝተፈላለየ ናይ ምትብባዕ መደባት ከካይድ ምጽንሑ ብምሕባር፡ ናይ ሎሚ ዓመት ቀጻሪ ተሸለምቲ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ብ50 ሚእታዊት ዕቤት ከምዘርኣየ ኣብሪሁ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ መምህር በላይ ሃብተጊዮርጊስ ብወገኑ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ናይ ምሽላም መደብ፡ ኑቶም ብሉጻት ብምትብባዕ ኣብ'ቶም ካልኦት ቅዱስ ቅንኢ ንምሕዳር ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ተራ ወለዲ ኣብ ምትብባዕ ደቆም ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።



ስእሊ. ፈያሜት መሰፍን

# ማእከል - ኣብ መደበር ጥዕና ዓዲ ሓወሻ፡ ተወሰኽቲ ክፍልታት ተሃኒጹ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጋላንፈሒ - ምምሕዳር ከባቢ ዓዲሓወሻ እትርከብ መደበር ጥዕና፡ ብልዕሊ 300 ሽሕ ናቕፋ 5 ተወሰኽቲ ክፍልታት ተሃኒጹላ።

እታ መደበር ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ዓዲ-ሓወሻ፡ ዓደርዓ፡ እምባይቶን ሳምባን ንዝጥርነፉ ትሸዓተ ዓድታት ኣገልግሎት ትህብ።

ብ7 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ መሓሪ የውሃንስ፡ ኮም ብዘወሰዶ ተበግሶ ዝተሃንጸ ክፍልታት፡ ኣብ ኣገልግሎት ወሊድ ኮጋጥም ንዝጸንሐ ጸበባ ክፍልታት ዝፈትሕ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ነርስ ዓንደሚካኤል ፍረ ብወገኑ፡ ድሕሪት ኣደን ዕሽልን ካብ ቀዳምነታት ዝወሃብ ኣገልግሎት ከምዝኾነ ብምሕባር፡ እቲ ዝተሰርሐ ክፍልታት ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝገብር ኣረዲኡ።

ኣብ'ቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኮሎኔል ገብርሂወት ወልደገርግሽ፡ ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ኮሎኔል መሓሪ ጸጋይን ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ማእከል ኣቶ ተስፋይ ተስፋጼንን ዝተረኸብሉ ኣጋጣሚ፡ ፍሉይ ኣበርክቶ ንዘበርኑ መተባብዒ ሽልማት ተዓዲሉ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ሚኒስትሪ ጥዕና ኣቶ የማነ ተዓደል ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ንተራን ኣበርክቶን ኮም ብምምስጋን፡ ኣብ ሓፈሻዊ ጽሬት ዝዋበር ጻዕሪ ክዓዝዝ ተማሕጺኑ።



# ድባርዋ - ልምዓታዊ መደባት ተሰላሲሉ

ኣብ ዓዲ-ክብሎ - ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ብምውህሃድ ዓቕሚታት ኮምን ደገፍ መንግስትን፡ ፕሮጀክት ጽሩይ ማይን ተወሳኺ ክፍልታት ትምህርትን ዘጠቓልል ልምዓታዊ መደባት ተሰላሲሉ።

ብ5 ግንቦት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ኮም ብዘዋጽኦ ኣስታት 700 ሽሕ ናቕፋ ገንዘብውን ጉልበታውን ኣበርክቶ፡ 4 መማሃሪ ክፍልታትን ሓደ ቤት-ጽሕፈት መማህራንን ዘጠቓልል ህንጻ ከምእተሰርሐ ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝጸንሐ ጸገም ዝስተ ማይ ንምቕላል፡ ብምትሕብባር ጨንፈር ማይ ዞባ ደቡብን ምምሕዳር ንኡስ ዞባን ብዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ብኣስታት 1.7 ሚልዮን ናቕፋ፡ ምንጪ ማይ ዒላ፡ ጸሓያዊ ጸዓት፡ መዕረፊ ባኒን ክልተ ነቑጣታትን ተሰሪሐን ኣገልግሎት ክህባ ከምዝጀመራ በሪሁ።

ማይ ክወርዳ ዝሕልፍኦ ከቢድ ሃለኽ ዝጠቕሳ ነበርቲ እቲ ፕሮጀክት ንኽዕወት ንዝተሓብበሩ ኣካላት ምስጋና ኣቕሪበን።

ኣካያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ተኽለማርያም ጉብረየሱስ ኣብ መወዳእታ፡ በቲ ፕሮጀክት ማይ እፎይታ ንዝረኸበ ኣደታት "የቃና" ድሕሪ ምባል፡ ግቡእ ክንክን ክግበረሉ ተማሕጺኑ።

ብኻልእ ወገኑ ኣብ ጋሽባርካ ህዝቢ ገንዘቡን ጉልበቱን ኣወፍዩ ኣብ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝርአ ሕጽረት ንምቕላል ብዝወሰዶ ዘሎ ተበግሶታት፡ ነበርቲ ጎኔ ኣብ ማእከል ጥዕና ዝበረ ጸበባ ንምቕላል ክልተ ተወሰኽቲ ክፍልታት ከምዝሃነጹ ወከልቲ ኣሪና ሓቢሩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284

# ደቀምሓረ - ብሞያ ፖሊስ ትራፊክ ዝሰልጠና 30 ደቀንስትዮ ተመሪቐን

ኣብ ደቀምሓረ ዝርከብ ማሰልጠኒ ማእከል ሓይልታት ፖሊስን ጸጥታን ንኣስታት ክልተ ኣዋርሕ ብሞያ ፖሊስ ትራፊክ ዘሰልጠሃን 30 ደቀንስትዮ፡ ብ7 ግንቦት ተመሪቐን።

ኣብ'ቲ ማእከል ሓላፊ ጨንፈር ፖሊሳዊ ትምህርቲ ሜጀር ዓንዶም መሓሪ፡ ሰልጠንቲ ዝቐሰምኦ ብዮብሪ ዝተሰነየ ትምህርቲ፡ ሕግን ስርዓትን ትራፊካዊ ቁጽጽር፣ ምክትታል ጽርግያ፣ ቁጽጽርን መቕጻዕትን፣ መርመራ ሓደጋ ትራፊክ፣ ኣለዓዕላ ንድፊ ሓደጋ ትራፊክ፣ ኣጠቓቕማ መሳርሒታት ምዕቃን ፍጥነትን ኣልኮላዊ ማስተን፣ ከምኡ'ውን ስነ-ምግባርን ካልእን ዘጠቓለለ ምንባሩ ኣረዲኡ።

ሜጀር ዓንዶም ወሲኹ፡ ፖሊስ ኤርትራ - ደቀንስትዮ ጥራይ ዝተሳተፍኦ ናይ ትራፊክ ኮርስ ዘሰልጠነን ዘሎ እዚ ናይ መጀመርያ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣባላት ፖሊስ ትራፊክ ደቀምሓረ ኣብ ግብራዊ ልምምድ ንዘበርዎ ምትሕግጋዝ መጉሱ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ኮሎኔል መሓሪ ጸጋይ፡ ጹብሉል ንዝበለ መተባብዒ ሽልማት ድሕሪ ምዕዳል፡ ሰልጠንቲ ኣብ ስርሐን ተጣዮትን ወሰንትን ክኾና፡ ምስ'ቶም ኣቐዲሞም ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዝተዋፈሩ ኣባላት ፖሊስ ትራፊክ ብምርድዳእ ድማ ኣድማዒ ስራሕ ክዓማ ትጽቢት ከምዝገበረለን ገሊጹ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ውሕሉል ኣገባብ ኣጠቓቕማ ጸረ - ታህዋስያን መድሃኒት

መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን/ ጸረ-ረኽሲ መድሃኒት ብከም ባክተርያ፡ ቫይረሱ፡ ፋንጋስ ከምኡ'ውን ጽግዖተኛ ዝኣመሰሉ ታህዋስያን ዝስዕቡ ናይ ረኽሲ ሕማማት ንምፍዋስ ንጥቀመሉም ዓይነታት መድሃኒት እዩም። እዞም መድሃኒታት'ዚኦም ብዝግቡእን ብዘይ ኣግባብን ምስ እንጥቀመሉም፡ እቶም ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያን ኣንጻር'ቲ መድሃኒት ተጻዋርነት ክማዕብሉ ይኽእሉ። ተጻዋርነት ንመድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን፡ ሓደ ካብቶም ኣሻቓልቲ ብድሆታት ዓለማዊ ህዝባዊ ጥዕና ናይ ዘመንና እዩ ኮይኑ ዘርከብ።

### ተጻዋርነት ንጸረ-ታህዋስያን መድሃኒት ዘቃልዑ ረቛሒታት

- መጠኑ ዝሓለፈ ብኣደ-ዋኒኑ መድሃኒት ጸረ-ረኽሲ ኣብ ዘየድልዮሉ ሕማም ምጥቃም። ንኣብነት ንፍወሳ ጉንፋዕ፡ ሰዓል ከምኡ'ውን ቀሊል (ማያዊ) ወጽኣት ምጥቃም። ብዓል-ሞያ ጥዕና "መድሃኒት፡ ጸረ-ታህዋስያን ኣየድልየካን እዩ" ኢሉካ ከሎ ብኣደ-ዋኒንካ ምጥቃም
- ብበዓል ሞያ ጥዕና ዝተኣዘዘልካ ጸረ-ረኽሲ መድሃኒት፡ ካብቲ ዝተሓበረካ ኣድላዪ እዋን ንታሕቲ ወይ ንላዕሊ ንውሓት ግዜ ምጥቃም ከምኡ'ውን ጸረ-ረኽሲ መድሃኒትካ ብግቡእ ተኸታቲልካ ዘይምውሳድ። "ሕሹኺ እዩ" ኢልካ መድሃኒት ምቁራጽ ሓደ ካብ'ቶም ጠንቅታት እዩ።
- ብረኽሲ ንዝሰዓበ ሕማም፡ ብዘይ ኣፍልጦ ናይ ብዓል ሞያ ጥዕና፡ ርእሱ ፍወሳ ምኪያድ።
- መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን፡ ብግቡእ ዘይምውጋድን ኣብ ገዛ ምውህላልን። እዚ ኣብ እትሓመሉ እዋን ብዘይ ኣፍልጦ ብዓል ሞያ ኑቲ ቅድሚ ሕጂ ዝተኣዘዘልካ መድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን ንምጥቃም የቃልዕ።
- ሕጽረት ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይን ጉድለት ግቡእ ሓለዋ ጽሬትን ምህላው።
- ካብ ወጻኢ ሃገር ንዝተሰደደልካ ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒት፡ ብዝምልከቶ ኣካል ሚኒስትሪ ጥዕና ግቡእ ቁጽጽር ብቑዓት ከይተገበረሉ ምጥቃም።
- ብዘይ ግቡእ ኣገባብ ጸረ-ረኽሲ መድሃኒት ኣብ እንስሳታት፡ ማያዊ ስነ-ህይወት ምፍራይን ሕርሻን ምጥቃም እዩም።

ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒት ዘፈጥሮ ሓደገኛታት

- ከም ብዓል ቲቢ (ዓባይ ሰዓል)፡ ዓሶ፡ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስን ካልኦት ኣማሰንቲ ሕማማትን ከም ተማዕበል ይገብር።
- ዘይተደልየ ወጻኢታት ምግባር፣ ኣብ ሆስፒታል ንነዊሕ ግዜ ምድቃስ፣ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማትን ሰንክልናን ክሳብ ንሞት'ውን ከም እትቃላዕ ይገብር።
- ካልኦት ህይወት ኣድሕን መብጣሕትታትን ምስግጋር ኣካላትን ከምኡ'ውን መንሽሮ ንምፍዋስ ዝወሃብ መድሃኒት ንምትግባርዎም ኣሰጋኢ ይኾኑ።
- እዚ ብተመሳሳሊ መንገዲ፡ ንጥዕና እንስሳታትን ኣትክልትን'ውን ኣብ ሓደጋ የእቱ።
- ብዝወሳኺ ኣብ ሓመድ፡ ማይን ኣየርን ዝርከቡ ተጻዋርነት ዘጥረዩ ታህዋስያን ንመግብን ማይን ብምብካል፡ ንዝተፈላለዩ ሕማማት የቃልዑ። ተጻዋርነት ዘጥረዩ ታህዋስያን፣ ናይ ሓመድ ፍርያምነት ብምጉዳል፡ ምንኻይ ሕርሻዊ እቶትን ምብራስ ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነትን እውን የኸትሉ እዩም።
- ተጻዋርነት ንመድሃኒት ጸረ-ታህዋስያን፡ ኣብ ቁጠባ ውልቀ-ሰባትን ሃገርን'ውን ሰፊ ዘይብል ተጽዕኖ ይገብር እዩ።

ተጻዋርነት ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒት ብኸመይ ነጉድሎን ንከላኸሎን፧

ጽግሕ ብዘይ ኣድማዕቲ ጸረ-ረኽሲ መድሃኒት ከይንተርፍ ምእንቲ፡ እዞም ጠንቅታት ቀሊልቲ ብምኻናም ኣብ ምውጋዶም ኩሉና ሓላፍነት ንስከም። ብዝዕባ ውሑስ ኣጠቓቕማ ጸረ-ረኽሲ መድሃኒት ንብዓል ሞያ መድሃኒት ብምውካስ ኣድላዪ ኣፍልጦ ክህልወና ይግባእ። ስለዚ . . .

- ብበዓል ሞያ ጥዕና ምስ ዝእዘዘልካ'ምበር፡ ብኣደ-ዋኒንካ ጸረ-ረኽሲ መድሃኒት ካብ ምግዛእን ምጥቃምን ተቖጠብ።
- ሓሚምካ ኣብ ብዓል ሞያ ጥዕና ምስ እትቐርብ፡ ብዛዕባ ኩነታት ሕማምካን ቅድሚ ሕጂ ትወስዶም ዝነበርካ መድሃኒትን ዝፈጠረልካ ጎናዊ ሳዕቤንን (ንኣብነት ቁጥዐ) ብዝርዝር ክትሕብር ፈትን።
- ብበዓል ሞያ ጥዕና ምስ ዝእዘዘልካ'ውን፡ ብዛዕባ ቅኑዕ ኣገባብ ኣጠቓቕማኡ ዝምልከት ዝተማልኣን ርጡብን ሓበሬታ ክትወስድ ይግባእ። በቲ ዝተዋህበካ መምርሒ ተኸቲልካ ክኣ ክትወስዶ ይግባእ።
- ዋላ ጥዕናዊ ኩነታትካ ይመሓየሽ ኑቲ ዝተኣዘዘልካ ጸረ-ረኽሲ መድሃኒትካ ክሳብ መወዳእታ ክትወስዶ ይግባእ።
- ዘይተጠቐምካሉ ጸረ-ረኽሲ መድሃኒት ምስ ዝህልወካ፡ ንውሑስ ኣልያ ናብ ዝቐረበካ ሕክምና ወይ ኮማዊ ፋርማሲ ክትወስዶ ይግባእ። ዕለቱ ዝወደቐ ወይ ተረፍ ጸረ-ረኽሲ መድሃኒት፡ ንፍወሳ ሓድሽ ረኽሲ ኣይትጠቐም። ዝተኸፍቱ ወይ ዝተበጻበጹ ሽሮፓ ጸረ-ረኽሲ መድሃኒት፡ ናይ ምፍዋስ ብቕዓቶም ድሩት ዕምሪ ስለ ዘለዎም፡ ክትጥቀመሉም ኣይግባእን።
- ኣብ ገዛ ዝጸንሐ ጸረ-ረኽሲ መድሃኒት፡ ንኻልእ ሰብ፡ ዋላ ኣባል ስድራኻ ይኹን ኣይተካፍል። ንኻልእ ሰብ ዝተኣዘዘ ጸረ-ረኽሲ መድሃኒት'ውን ንዓኻ ክትጥቀመሉ ግቡእ ኣይኮነን።
- ኩሎም ዓይነታት ረኽሲ፡ ብጸረ-ረኽሲ መድሃኒት ይፍወሱ ማለት ኣይኮኑን። ጸረ-ረኽሲ መድሃኒት ዘየድልዮም ሕማማት ስለ ዘለዉ፡ ባዕለ ፍወሳ ክትገብር ኣይግባእን።
- ኣእዳውካ ኩሉ ሳዕ ብግቡእ ተሓጺብ ከምኡ'ውን ትምጉኦ መግብን መግቢ ንምድላው ትጥቀመሉም ኣቕሑን ብጽሬት ክትሓዞ ይግባእ።

**ፋርማሲስት የናስ ዓንዳይ**
**ካብ ሃገራዊ ቁጽጽር መድሃኒትን መግብን ሚኒስትሪ ጥዕና**




## ክንክን ኣስናን

እንወስዶ ብዙሓ. ብዘዮገድሱ ሽኮራዊ መግብታት ኣብ ኣስናንና ዘስዕቦ ጉድኣት ከቢድ እዩ።

ግርጻናም ብቐሊሉ ዝደምዩ ሰባት ንምሕሳኽን ምብልሻውን ኣስናን ዝተቓልዑ እዮም። እዚ ተርእዮ'ዚ ብሕጽረት ዝተመጣጠነ መግቢ ዘስዕብ ምኻኑ ይንገር።

ዋሕዲ ቫይታሚናትን ማዕድናትን ኣስናንና ብቐሊሉ ክበላሾ ዝገብር ረቛሒ እዩ። ግርጻንና ዝተረረን ዘይደምን ንክኸውን ብፍላይ ቫይታሚን 'ሲ' ምውሳድ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ማዕድን ካልስዩም ኣስናንና ክተርር ዓቢ ግደ ኣለዎ። ሳዕለዋይ ቀጸላ ስኒ (enamel) ብቐሊሉ ንኸይበሕጎግ ይከላኸለሉ።

ከም ጽማቕ ለሚን ዝኣመሰለ መጸጽ መስተ ብዙሓ. ምውሳድ ንምብሕጓጉ ሳዕለዋይ ቀጸላ ስኒ ከቃልዓና ይኽእል እዩ። ቫይታሚን 'ሲ' ንጥዕና ኣስናንና ኣገዳሲ'ኳ እንተኾነ ምስ ዝበዝሐ ግና ንቀጸላ ስኒ ክሃስዮ ይኽእል።

እቲ ካልእ ንጥዕና ስኒ ኣገዳሲ ረቛሒ ብስሩዕ ኣገባብ ብግቡእ ከም ዝጸሪ ምግባር እዩ።

ብግቡእ ኣስናን ምጽራይ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ጥዕና ኣስናንን ግርጻንን ዝህቦ ጥቕሚ፡ ብሕዱር ሕማም ንኸይንጥቃዕ ከም ዝሕግዘ'ውን ኣይዝንጋዕ።

መብዝሕትና ኣስናንና ኣብ ምጽራይ ብዙሕ ድኽመታት እዩ ዘለና። ኣብ እነጽርየሉ እዋን'ውን ንኽተሎ ኣገባብ ማዕረ ክንደይ ቅኑዕ ምኻኑ ንፈልጥ ውሑዳት ኢና።

ኣብ ብሪጣንያ፡ ዩኒቨርሲቲ በርሚንግሃም እትርከብ ጆሰፊን ሂርሽፈልድ ዝተባህለት ሓኪም ስኒ፡ "ንጽሬት ኣስናን ዝምልከት ካብ ሓኪም ስኒ ግቡእ መምርሒ ዘይረኸበ ሰብ፡ ቅኑዕ ኣገባብ ኣይክተልን እዩ" ትብል።

ዝኾነ ሰብ ኣስናኑ ዝምውጽ ኣብ ኣስናኑ ተቐርቂሩ ዝተርፍ መግቢ ንምውጻእ ጥራይ ገይሩ እዩ ዝሓስቦ። "ኣፍና ክነጽረን ኣስናንና ክንምውጽን ዘለና ግና፡ ኣብ ኣፍና/ ኣስናንና ተዓቑቡም ንዝርከቡ ባክተርያ ንምውጻእ/ ንምእላይ እዩ ክኸውን ዘለዎ" ትብል ሂርሽፈልድ።

ባክተርያ ኣብ ኣፍና ምስ ዝዕብዩ መጠግጠግ ዝብል ረቂቕ ሽፋን ማለት 'ባዮፊልም' (biofilm) የቕሙ። እዚ ምስ ግዜ ምስ ኣስናንና ዝጣበቕ ረቂቕ ግን ከኣ ድልዱል ቀጸላ ይፈጥር። እዚ ቀጸላ'ዚ መሕብኢ ዝተፈላለዩ ባክተርያን ካልኦት ደቀቕቲ ታህዋስያንን እዩ ዝኸውን።

እቲ ቀጸላ/ ድርዒ ኣስታት 700 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ባክተርያ ክሓብእ ይኽእል። ብቐሊሉ ክጸሪ ወይ ክእለ ከምዘይክእል እያ ሂርሽፈልድ ተረድእ።

'ባዮፊልም' ንኣስናንና ምስ ግርጻንና ኣብ ዘራኽብ ሰፍራ እዩ ዝቐውም። ኣብዚ ቦታ እዚ ተዓቒቦም ዝጸንሑ ደቀቕቲ ታህዋስያን ናብ ግርጻን ሰሊኾም ብምእታው፡ ነድርን ሕማም ግርጻንን የስዕቡ።

ስለዚ፡ ኣፍና/ ኣስናንናን ክጸሪ ኣብ እንብገሰሉ እዋን ቀዳምነት ክንግደሰሉ ዝግበኣና ጉዳይ ኣስናንና ከም ዘይኮነ እያ ሂርሽፈልድ ትዛረብ። "ኣስናንና ዘይከውን ግርጻንና ኢና ክጸሪ ዘለና። ድሕሪኡ ኣስናንና ብዘይጸገም ክጸሪ ይኽእል እዩ" ትብል ሂርሽፈልድ።

እዚ ንምግባር ክንክተሎ ዘና መንገዲ ኣየናይ እዩ፧

ሓደ ካብቲ ን'ባዮፊልም' ንምጽራይ ዝሕግዝ ወጽኢታዊ መገዲ፡ ንኣስናን ቀርቀርም ንዝርከቡ መስመራት ናይ ግርጻን ብውሕሉል ኣገባብ ክጸሪ ምኽኣል እዩ። እዚ ኣገባብ'ዚ ኣብ ግርጻንና ጉድኣት ከይስዕብ ኣዝዩ ጥንቃቐ ይሓትት እዩ።

ኑቲ ንግርጻንና ምስ ኣስናንና ዘራኽብ መስመር ክጸሪ እንተኾይንና፡ ንጥቀመሉ ብራሽ ኣብ ክንዲ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ሰንና ኣርግኡ፡ ብ45 ዲግሪ ክሽቆንቆ ከም ዘለና እያ ሂርሽፈልድ ትገልጽ። እቲ ንጥቀመሉ ብራሽ ንባዕሉ ፈኪስ ክኸውን ኣለዎ። ብኣደና ኣብ ልዕሊ'ቲ ብራሽ ንነብሮ ጸቕጢ'ውን ካብ 150 ክሳብ 400 ግራም እምበር፡ ልዕሊኡ ጸቕጢ ዝፈጥር ክኸውን የብሉን።

እዚ ኣገባብ ክንደይ ግዜ ነተግብር፧

ኣብ ሓደ እዋን እንተ ውሓደ ንኽልተ ደቒቕ ዝኣክል፡ ኣብ መዓልቲ ክልተ ሳዕ ኣስናንናን ኑቲ ምስ ግርጻንና ዘራኽቦ መስመርን ክጸርዮ ከም ዝግባእና ክኢላታት ሕክምና ስኒ ይሕብሩ።

ቅድሚ ምግቢ'ዶ ድሕሪ ምግቢ፧

ቅድሚ ቁርሲ ኣስናንና ምሕጻብ ዝሓሸ ከምዝኾነ እዩ ዝንገር። እዚ ግን ክሰዕ ሕጂ ዘየትዕ ዘሎ ጉዳይ እዩ።

ገለ ክኢላታት ሕክምና ስኒ፡ ድሕሪ ቁርሲ ኣስናን ምሕጻብ፡ ኑቲ 'ባዮፊልም' ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብ ቁርሲ ኣብ ኣስናንና ንዝተርፍ መግቢ ኣብ ምጽራይ'ውን ሓጋዚ ምኻኑ እዮም ዝሕብሩ።

"ብዘይ ባክተሪያ ወይ ብዘይ ተረፍ ምግቢ ምምሻሻሽ ኣስናን ኣይፍጠርን እዩ" ትብል ሂርሽፈልድ። "ቅድሚ ቁርሲ ኑየም ባክተርያ ኣጸቢቕና እንተጸሪናዮም ክንደይ ሽኮር ከም ዝበላዕና ኣየገድሰን እዩ። ኩብኩዕዎ ዝኽእሉ ባክተርያ እንተ ዘየልዮም ክፍጠር ዝኽእል ጉድኣት ትሑት እዩ።"

ካብ ንገሆ ንላዕሊ፡ ዝያዳ ተመራጺ ቅድሚ ምድቃስና ኣስናንና ክጸሪ ምኽኣል እዩ። ቅድሚ ምድቃስና ወትሩ ናይ መወዳእታ ንገብሮ ነገር ኣስናንና ምጽራይ እዩ ክኸውን ዘለዎ።





# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ስነ-ጥበብ መኸተ

ካልኣይ ክፋል

ስነ-ጥበቡ ወላ'ውን ኣተሓሳስባ ደለት፡ ባህጊ፡ ራእይ፡ ተጋራጫዊ ኣተሓሳስባታት፡ . . . ናይ ክኢላታቱን ናይቲ ዝወክሎ ሕብረተሰብን'ዩ። ሕብረተሰቡ ኣብ ጠበቓ መድረኻት ደምጺ ዝኾነ ጠቢባን ጥበብ ክፈጥር ይርኢ። እቶም ወጻእ ዝበለ ተወህቦ ዘለዎም ደማቶም ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰግር ስነ-ጥበብ ዘፍርዩ። ሓደ ሕብረተሰብ ንስነ-ጥበብ ከም መግለጺ መንነቱ ይጥቀመሉ ክበሃል እንከሎ፡ እቲ ሕብረተሰብ ኣብ ከመይ ኩነታትን መነባብሮን ኣሎን ንዝለዎቱ ብኸመይ ይገልጾን'ዩ ዝወስኖ። ካብ መግዛእቲ ሓራ ክወጽእ ኣብ ሓያል ቃልሲ ዝርከብ ሕብረተሰብ፡ ዘፍርዮ ስነ-ጥበብ "ፍቕራፍቕሪ" ክኸውን ክትጸበዮ ኣይትኽእልን። ኣብ ፍጹም ሰላምን ምዕባለን ዘሎ ሕብረተሰብ ድማ ሃፀብ ኩናትን መኸተን ማእከል ዝገበረ ስነ-ጥበብ ክፈሪ ኣይክእልን። ኣብ ክልቲኡ መዳያት ግን ዝደምግፍይ ወይ ንምዝኽኻር ስነ-ጥበብ ብጥበብ ገለ ይብል'ዩ። ኣብ ቃልሲ ዝርከብ ሕብረተሰብ ኣብ መንጎ'ቲ ሰፊሕ ናይ መኸተ ቃልሲ፡ ናፍቖት ፍቕሪ፡ ሰላም፡ ቅሳነት፡ . . . ዝመንቀሊኡ ስራታት ክፍሪውን ይኽእል'ዩ። እቲ ከም ቀንዲ መለለዩኡ ዝርአ ፍርያት ግን መኸተኣዊ'ዩ። ኣብ ሓያል መኸተ ዘሎ ወገን 'ኣደይ ናፊቐኪ፡ ምኽኣል ስኢነ' እናበለ ክቕዝዝም እንተ ጀሚሩ፡ ክዕወት ኣይክእልን'ዩ። ሃገሩ ሓራ ክወጽእ በረኻ ዝወጸአ ሰብ፡ ኣብ በረኻ ሰፊሩ ሰበይተይ ናፊቐ እናበለ ክሕማስ ኣይክእልን። ምቕባጽ'ዩ ቃልሲ!

ከምኡ ስለ ዝኾነ'ዩ ኣብ እዋን ገድሊ ብዛዕባ ፍቕሪ፡ ሰድራ፡ ወለዲ ምድሪፍ ተፈቲኑ'ውን ብዙሕ ዘይተዓወተ። "ኣካል ህይወት'ዩ'ሞ ይፈተኑ" ተባሂሉስ በጺበ ዝቐጸራ ደርፍታት፡ ድራማታት ጥራይ ፊርያን። ዝበዝሑ ካብቶም ደረፍቲ 'ኪጋደል ክሰዋእ ኣለ ወጺኣስ ጉዚይ ናፊቐ፡ ሰበይተይ ተራእያትኒ ኣለ ክደርፍ! ክሳደይ ንኻራ!' ብምባል ሓንገዱ። ፍቕሪ ስለ ዘይደለ ዘይሃሰ፡ እቲ ዝዓበየ ዕላማ ቃልሲ ንሕጽንት ስለ ዝበረ፡ 'ጽገዖት፡ ትብዖት፡ ብጻይነት፡ ሃገራውነት፡ ማዕርነት፡ መስዋእቲ፡ . . .' ክኸውን ግድን ይኸውን እቲ ዘልዕሎ ዛዕባ።

መጽሓፍ "ስነ-ጽሑፍ፡ ኣመዓብባኡን ተራኡ ኣብ ሰውራን"፡ ንስነ-ጥበብ ብኸምዚ ዝስዕብ ትገልጾ፤ "ስነ-ጥበብ (Art) ሓደ ፍሉይ ቅርጺ ማሕበራዊ ንቕሓትን ሰብኣዊ ንጥፈታትን ኮይኑ፡ ንኸዉንነት (reality) ብኽማርኸን ክምስጥን ዝኽእል ስእልታትን ምስልታትን (images) የንጸባርቕን የቕርብን። ስለዚ ድማ፡ ስነ-ጥበብ ንዓለም ብዕሙቕ ዝበለ መንገዲ ንምርዳእን ስነ-ጸባቐ ንምምዕባልን ዘገልግል ኣዝዩ ኣገዳሲ ኣገባብ እዩ።"

ስነ-ጥበቡ ነጸብራቕ ማሕበራዊ ህልውና ወይ ሓቂ ኮይኑ፡ መዓዚ ንጥፈት ደቂ-ሰብ ኑቲ ኣብ ሕብረተሰብ ዘሎ ግርጭታት ብቓላትን ምስልታትን ዘሰፍር ኣገባብ'ዩ። ዓቢ ክፋል ስነ-ጥበብ ዝኾነ ስነ-ጽሑፍ ድማ፡ "ክብሪ ወይ ኣገዳስነት ኣሎዎ ንኽበሃል፡ ኑቲ ዘንጸባርቖ ባህርያዊ ወይ ማሕበራዊ ሓቂ ብመሳጢ መንገዲ ክቐርቦ የብሉን። ልክዕ ከምቲ ሓደ ስኣላይ ሕብርታት ብምትሕውዋስን ቡቲ ዘማዕበሎ ናይ ምሕንጻጽ፡ ምቕባእ፡ ምልካይን ምትንኻፍን ክእለት ሓደ ኣደናቒ ስነ-ጥበባዊ ስራሕ ዘርክብ፡ ሓደ ጸሓፋይ'ውን ብኣሰኻኽባ ቃላት፡ ሰዋስዋዊ ጽፈትን ደቂቕን ዓሚቕን ትዕዝብትን ንእንታይነት ናይ ሓደ ውዱዕ ወይ ተርታ ናይ ሓደ ፍጻመ ህይወት ክሀቦ ይኽእል" ይብል እቲ ብ1983 ኣብ ሜዳ ዝተሓትመ መጽሓፍ ስነ-ጽሑፍ። "ስነ-ጽሑፍ፡ ኣመዓብባኡን ተራኡ ኣብ ሰውራን" ኣብ እዋን ሻድሻይ ወራር ተዳልዩ፡ ኣብቲ እግሪ-እግሩ ዝሰዓበ ሰላሕታ ወራር ተሓቲሙ። ዝተሓትመሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ብስነ-ጽሑፍ ቃልሲ ሓደሽ ኣንፈታትን ሓይልን ንምሁብን ብስነ-ጸባቕ ከም ዝርኢ ንምምሃርን ነበረ። ኑቲ ቀጥታውን ብተራ ኣኾላልጻን ዝቐርብ ዝነበረ ዝበዝሐ ፍርያት ስነ-ጥበብ ኣሃዱታት ኣብ ምሕያል ድማ ኣድማዒት ነበረት። ስነ-ጥበብ ንወድዓዊ ሓቂ ከም ዘለዎ ዘይትካስ ጥበብ ለኸፉ እዩ ዘቕርቦ።

ኣብ ሰውራ ኤርትራ ስነ-ጥበብ ብዘተፈላለየ መልክዑ ክዐበን ለጠቕን ክበል ተራእዩ እዩ። እቲ ለጠቕ ምባል ምስ ጉዳይ ዓቕሚ ስለ ዝተሓሓዘ ንጅመርቲ ጸሓፍቲ፡ ተዋሳእቲ፡ ቀባእቲ . . . መወከሲ ስለ ዘይነበረ፡ ዝበዝሕ ካብቲ ኣብ ፈለማ እዋን ናይቲ ቃልሲ ዝቐርብ ዝነበረ ትሕዝቶ፡ ውሑድ ጉዲፍኑ ብስነ-ጸባቕኣዊ ትሕዝቶኡ ደረጃኡ ክብ ዝበለ ኣይነበረን። ኣብ ደርፍን መዛሙርን ደኣ ይሕይል ነበረ'ምበር፡ ኣብ ከም ቅብኣ፡ ተዋስኦ፡ ድርሰት፡ እቲ ጸባቕ ደሓር'ዩ እናማዕበለ መጺኡ። ብፍላይ ድሕሪ ስትራተጂያዊ ምዝላቕን ምህናጽ ቀወምቲ ድፋዓትን ኣድላዪነት ስነ-ጥበብ ከም ንጥፈት ኀሊሑ ተራእዩ። ኣሃዱታት፡ ብዘይካ'ቲ ውልቀ ወቓዕቲ ክራር ብዘተዋህቦም ዘፍኖቶም ዝበሩ፡ ብደረጃ ሓይሊ፡ ጉጅለ ባህሊ ክቖማ ጀመራን ዓቕሚ ኣሎዎም ዝተባህሉ ተጋደልቲ ተመሪጾምን ኣብ ከበባኦም ብዘረኸብዎ ጥረ-ነገራት ክራርን ከበሮን ሰሪሖም፡ ደርፍታትን ተዋስኣታትን ደሪሶምን። እዚታት ብትሕዝቶኡን ጸባቐኡን እንክርኑ ናይ ተልመዴን ክመስል ግድን'ዩ ነይሩ። ዝተዋህቦም ስልጠና፡ ዘርእዩሉ መድረኽ፡ ዘሰምዑሉ ማይክሮፎን ዝጸወቱዎ መሳርሒታት ኣብ ዘይነበረሉ፡ ኣብ ሩባን ኩርባን ምስ ተፈጥሮ (ውሕጅ፡ ህበባ፡ ምቖት) እናተቓለሱ ደማ'ዮም ጀሚሮሞ። መጋርያ ኣጉዶም፡ ጀሪካን ከም ከበሮ፡ ክራር ካብ ተራ ስልኪ፡ ካብ ደምጺ ሓፋሽ ይኹን ካብ ሬድዮታቶም ዝሰምዕዎን ህቡብ ናይ ህዝቢን ደርፍታት እናደገሙ፡ ኣብ ገለኡ ብዓቕሞም ንህሉው ኩነታቶም ዝገልጽ ሓደሽ እናደረሱ፡ ኑቲ ሰራት ኣንጸፎሞ። ተፈታውነቶን ኣድላይነቱን እናዓበየ ስለ ዝኸደ ግን ክኢላታት እናተለለዩ ትሕዝቶ እናወርጸጸ ከደ። ጉጅለታት ባህሊ ሓይሊ፡ በጦሎኒ፡ ብርጌድ፡ ባህሊ ወድቡ . . . ዝበል ኣቃውማ ንኽበጽሕ እምበኣር፡ እቲ ኣብ ጋንታን ሓይልን ዝበረ ናይ ምዝንጋዕ መደባት'ዩ መሰረት ኮይኑ።

ስነ-ጥበብ ኤርትራ ሓያል ያታዊ ሰረት ኣሎዎ። ሕብረተሰብና ኣቦ ከበኡ ዘንጸባርቕ መግለጺ መነባብሮኡ፡ ክብርታቱ፡ ማሕበራዊ ንጥፈታቱን ግርጭታቱን ዝተፈላለየ ስነ-ጥበብ ምህዙ'ዩ። ያታዊ ደርፍታትን መጓርሒታቱን፡ ቅብኣታት ብዮቱ፡ ማዕጾ መልቀስ . . . ዝውቱር ልምዱ ነበረ። ኣብ ኩለን ቋንቋታትና ዝፍዮድ ዘሎ ምስናድ ኣፋዊ ያታ ከም ዘጽዮ፡ ያታዊ ደርፌ ሕብረተሰብና ብሓፈሻ ዕምቆትን ብዙሕን ኣሎዎ። ዝበዝሕ ካብቲ ያታዊ ደርፍታት ንጅግንነት፡ ማእቶት፡ ወቕቲታት ዓመት፡ ልምዲታት፡ እምነታት፡ . . . ዝገልጽ፡ ኣብ ገሊኡ ወጹእ ስነ-ጥበባዊ ጸባቕ ዝንጸባረቐሉ'ዩ። ኑቲ ጸባቕ ዘሎዎ፡ ሕብረተሰብ ካብ ኣፍ-ናብ-ኣፍ እናተቐባበለ ነዊሕ ስለ ዝበሮ፡ ፍርያት ያታዊ ስነ-ጥበብ ከም መሰረት ንዘቐጽለ ምዕባለ ኮይኑ። ብጥበቡ ንጅግንኡ መጉሱ፣ ንኽድዓት ድማ ወቒሱ። ዘመናውነቱ ግን ምስ ምምጻእ ኣውሮጳዊ መግዛእቲ ይተሓሓዝ።

እቲ ኣብ 40ታት፡ 50ታት፡ 60ታት ዝማዕበለ ስነ-ጥበብ ኤርትራ፡ ሃገራዊ ባህሊ ከደንፍዕ ዝቃለሱ ናይ ግዳም ጽልዋ ዝምክት፡ ብጉዳማዊ ጽልዋ ዝጸሎን ዝጸሉን ኮይኑ፡ ብዙሕ'ዩ ተረባሪቡ። ምምስራት ማሕበራት ተዋስኦ ደቀባት (ማኅደ፡ ማምሃል፡ ማትኣ፡ ዘርኣይ ደረሰ፡ ወዘተ) ኣብ ምዕባለ ስነ-ጥበብ ኤርትራ (ብፍላይ ደርፍን ናይ መድረኽ ተዋስኦን) ወሳኒ ተራ ተጻዊቱ። ኣብ 60ታት ናብ ዝለዓለ ደረጃኡ ደዪቡ ክብቅዕ ሰገኪ ድሐር መግዛእቲ ኢትዮጵያ - ሃይለስላሴን ደርግን - ንድሕሪት ክምለስ ጥራይ ዘይኮነ ብመደብ ክጠፍእ'ዩ'ውን ተኣዊጁሉ፣ ባህላዊ ወራር ቀንዲ መምዘዚ/መብረዚ ሓደ መንነት ስለ ዝኾነ፡ ንሓደ ሕብረተሰብ ብቐሊሉ ክትገዝኦ፡ ቅድም ባህሉ ኣጥፊእካ ባህልኻ ከተሰርጸሉ ኣሎካ። ዚ'ዩ'ም ድማ ገዛእቲ ዝገበሩ። ኑቲ ዘኮላዕልዕ ዝበረ ሃገራዊ ስነ-ጥበብ ኣቐምሲሎም፡ ናታቶም ርኻሽ ኣብ ልዕሊኡ ደፍኢሉ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ብቐንዱ ኣብ 60ታትን መጀመርታ 70ታትን ዝተደርፈ ክሳዕ ሕጂ መትኒ ዘመናዊ መዚቃ ሃገርና ኮይኑ ዝቐጽል ዘሎ ደርፍታት፡ ዘመናዊ ስነ-ጥበብ ኤርትራ ሽዓ ኢሉ "መኸተኣዊ" ምኻኑ ዝሕብር'ዩ፣ ትዕድልቱ ንሱ ስለ ዝኾነ። ንጓል ኣምሲልካ ንሃገር፣ ህድሞ፡ ትኳን ቀንጠ፡ ኢልካ ጸረ መግዛእቲ ለላ ኢልካ "ሃይለስላሴ" ንዘመንዘዎ ኤርትራ፡ ወደባት ዓደይ. . . ኢልካ ሰፊሕ ጸረ-መግዛእቲ ሰልፍታት ብስነ-ጥበብ እዩ ተመሪሑ። ስነ-ጥበብ ድምጺ ህዝቡ ኮይኑ።

እቶም ሰብ ጥበብ ዝሓለፍዎ ፈተና ግን ቀሊል ኣይነበረን። ክሳዕ ማእሰርቲ፡ ስደት፡ ጉዕዞ ናብ ቃልሲ ኣኺቲሉ፡ ብዙሓት ካብኦም ስነ-ጥበብ ሃገር ከደንፍዑ ብቐዓት ዝበርም ግዳይ ኮኑ። ገሊኦም ናብ ስደት፡ ገሊኦም ድማ ናብ ሜዳ ቃልሲ'ኳ እንተ ውሓዙ፡ መኸተኦም ኣየቋረጹን። ድምጺ ኤርትራ ካብ ስደታት'ውን ኣቃሊሑ። ሜዳ ንባዕሉ ኣብ 70ታት ኣብ ርሱን ወተሃደራዊ ግጥማትን ቃልሲ፡ ምርግጋጽ ህልወኡን ስለ ዝበረ፡ ንትንሳኤ ስነ-ጥበብ ብመደብ ክሰርሓሉ ዕድል ኣይነበሮን፣ ዝተፈተነ'ውን ብዙሕ ኣይሰርሐን። እንተኾነ፡ ስነ-ጥበብ ከም ኣካል ዝኖዶ መደባት ብውሱን ደረጃስ ተተይ በለ ደኣ። ድሕሪ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ግን፡ ምዕባለ ስነ-ጥበብ ሰውራ ኣብ ውሽጢ'ቲ ሰውራ ሰውራኡ ኣልዓለ። እቲ ሰረት ድማ እቲ ዝሓለፈ ተመኩሮ ነበረ። ብዙሓት ወቓዕቲ ክራር ጋንታታት፡ ኣብ ዓጽዶም፡ ክራር፡ በገና፡ ሻምብቆ፡ ረባብ፡ መለኸት. . . እናሃረሙን እናፍሓሉን ህቡብ ደርፌ ዓዶም ብምድራፍን ብምስማዕን ዝፍለጡ ነበሩ። ዘመናዊ መሳርሒታት መዚቃ ኣይኸኣሉ ደኣ'ምበር ደቂ ኣሃዱኦም ንምዝንጋዕ እኹል ዓቕምን ወኒን ነበሮም። ዝወዓሉዎ ወተሃደራዊ ግጥም፡ ዝኸፈሉዎ መስዋእቲ፡ ዘተገናጸፉዕ ዓወት፡ ዝሓለፍዎ ዝበሩ ከርፋሕ ናብራ፡ . . . ኣልዒሎም፡ ሞራል ሓፍ ዘበለ፡ ንመስዋእቲ ዘቀዳድም፡ ብጻይነት ዘደንፍዕ፡ ክድዓት ዝቐትፍ . . . ደርፍታት፡ ብውሱን ደረጃ ድማ ተዋስኣታት ከቕርቡ ጀመሩ። ብልዑል ወኒ፡ ተበላሓትነት፡ ደሰፕሊን ብናይ ክዝብር ኣሎዊ ኒሕን ተሰዲፉን ስለ ዝሓዙዎ ድማ ሰረት ናይቲ ደሓር ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ዝጸሐ ስነ-ጥበብ ሰውራ ኮኑ። ጉዕዞ ድንፋዕ ስነ-ጥበብ ቃልሲ እምበኣር፡ ማዕረ-ማዕረ'ቲ እናሓየለ ዝኸይድ ኣውዳድባን ወተሃደራዊ ዓወታትን ሰውራና፡ እናሓየለን እናማዕበለን ዝኸደ'ዩ። እቲ ሽቶ ምርግጋጽ ናጽነትን ህንጸት ሃገርን ነበረ፡ ቅኒት ናይቲ ጥበብ ድማ መኸተ፡ ንሰላም ዝኸፈል ዋጋ'ዩ፣ እቲ ጥበብ ድማ ንሰላም ዘሞጊሩ።





ይቕጽል...

### ዋጋ ሰላም

እቶም ምእንቲ ሰላም ክበሉ
ዝሓለፉ
ቤት-ንብረቶም ዝርስዑ ዝበደፉ
ሰሉሰላም ዝወከፉ
ዝሰየፉ።

እንተ ረኺቦማ ሰላም ካብ ህወከት
ጸቦ
ከም ጽጌና ኣብ ጎልጎል ዓሊባ
ዕምባቡታት ሃሪ ተኸቢባ
ወቲቡ።

ግቡእ ቦትኣ ሂቦም ብዓጀባ
መኸበሩዋ
ኒታ ዱር-ገደል ኣትዮም ዘምጽኡዋ
ቃል ከየዕበሩ ምተማእዘዙዋ
ምሓለዉዋ።

ንሰቶም. . . እቶም ዋጋ ሰላም
ዝኸፍሉ
ናይ ኢድ-እግሮም ዝሞገሱ ከይዓቘሩ
ዓመታት ሰላም ዘዩብሉ
ዝጋደሉ።

እንተ ረኺቦማ ሰላም ኣብ ጥጡሕ
ቦታ
ካብ መዓሙቕ ወጺኣ ተዓዊታ
ክትዕድሎም ጸጋ በረኸታ
ሸዊታ።

ብመጠን'ቲ ዝኸፈሉዎ ዋጋ
ምዓዘዮት
ልቢ ኑበሲ-ወከፉ ዜጋ ምወረሰት
ወርቂ ደግዕብ ምኾነት
ምኸበረት።

ኣንገሶም ደሱሓቕ
3 ሕዳር 1990

ምንጪ፤ "መዘመር ተጋዳላይ"

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ‘ጽሩይ መስተ’ ሓቢኡዎ ዘሎ ጉድ

ፋርስ ዮሴፍ

ይትረፍ ሳዕቤናት ናይ ስኑዓት መስተታት፡ ኣልኮላዊ መስተ ከም ዝስናዕ ዘሎና ኣፍልጦ’ውን ዝተደረተ እዩ።



መንእሰያት እንእከበሉ ቦታታትን ኣብ ዓንኬልና ዝዝውተር ዕላላትን ምስ ዕድመና ዝኸይድ ትምህርትን ተመኵሮን ኣሎዎ። ብፍላይ እቲ ድሕሪ ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብ ናይ ምዝንጋዕ እዋናት ዝለዓል ዕላላት ኮነ ፍጻሜታት፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ፍልጠት ትቐስመሉ እዩ። ከም መንእሰይ፡ ኣነ’ውን ድሕሪ ናይ ስራሕ እዋን፡ ምስ ብጾተይ፡ ሓደ ሓደ ጎጭ እናኣበልካ ብኣዛናዩ ዕላላት ምዝንጋዕ፡ ሓደ ካብቲ ባህ ዘብለኒ ነገር እዩ። ምስ ሰባት ዘሎና ማሕበራዊ ምትእስሳር የደልድል ብምዃኑ እውን ኪንዮ ምዝናይ ትርጉም እናሃብኩ’የ ሳሕቲ ዘዘውትሮ። ኣብ ሓደ ከምዚ ዓይነት ኣጋጣሚ፡ ምስ ኣዕሩኽተይ ዕላል ይምቅረና እሞ፡ “ሎምስ ምምሳይና እዩ፡” እናበልና ዕላልና ንቐጽል። ንጽባሒቱ’ውን ናይ ዕረፍቲ መዓልቲ ብምንባሩ፡ ከምቲ ዘበልናዮ ምምሳይና ክኾነልና ናብ ሓደ ‘ዓቢ’ ዝብሃል ናይ ለይታዊ ትልሂት ትካል ኣምራሕና። ብዛዕባ ዘበልናዮን ዝገበርናዮን እናተጫረቕና ድማ ናብቲ ቦታ በጻሕና። ናብቲ ውቁብ መዘናግዒ ቦታ ኣብ ዝኣተናሉ፡ ሓደ ጉልቡት ኣኽባሪ ጸጥታ ናይቲ ትካል ተቐበለና። ድሕሪ ምውዒቕ ሰላምታ ዘሰዓበት ሕቶ ግን ኣድህቦይ ምሉእ ብምሉእ ቀየረቶ። “ናይ ጽሩይ ዲኹም፧” ዝብል ሕቶ ኣቕረበ።

‘እቲ ጽሩይ ዝብሃል እንታይ’ዩ፧ ስለምንታይ እዩ ጽሩይ፧ እቲ ጽሩይ ዘይኮነከ ከመይ ዝበለ እዩ፧’ ዝብላ ሕቶታት ኣሰላሲለ ከይወዳእኩ፡ “እወ” ዝብል መልሲ ብሓደ ካብቶም ብጾተይ ተዋህበ። ወዮ ኣኽባሪ ጸጥታ ብኽብ ዝበለ ክብረት ካብቲ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ኮፍ መበሊ ናብ ሓደ ምችእ ዝበለ ቦታ ፈልዩ ኣቐመጠና። ኣሳሳይት ብቐጽበት መጺኣ፡ “እንታይ ከምጻልኩም፧ ጽሩይ እንዲኹም ትሰትዩ ሓቀይ፧” ኢላ ንጠለብና ክትሰምዕ ተዳለወት። ኣማጻጽኣናን ሐዝናዮ ዘለና ቦታን ርእያ፡ ባዕላ ዝተገንዘበቶ እኳ እንተኾነ፡ ንምርግጋጽ ትሓትት ዘላ እያ ትመስል ዝነበረት። ብጻየይ፡ “ብላክ ለበል ዊስኪ” በላ ከይተማትአ። ኣብዚ እዋን ‘ጽሩይ’ ዝብሃል መስተ ካብ ወጻኢ ሃገር ዝመጽእ መስተ ምዃኑ ኣይሰሓትኩዎን፡ እቲ ዘይተመለሰ ሕቶ ግን “ጽሩይ” ዝተባህለሉ ምኽንያት እንታይ’ዩ፧

መስተ መጺኡ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ፡ ምስ ኵሎም ኣብቲ ቦታ ምሳይ ዝነበሩ ብጾተይ ብዛዕባ እዚ “ጽሩይ” ዝብሃል መስተ ዕላል ከፈትና። “ጽሩይ ዝብሃል ብዋጋ ክብር ዝበለ፡ ካብ ወጻኢ ሃገር ዝመጽእ ዝኾነ ዓይነት መስተ እዩ። ብፍላይ ዊስኪ ከኣ ቀንዲ ጽሩይ ዝብሃል መስተ እዩ። ንጥዕናኻ ዝሓሸ፡ ኣብ እዋን ምዝንጋዕ ከኣ ከም ዝሓሸ ኣማራጺ ስለ ዝውሰድ፡ ጽሩይ ይብሉዎ፡” ዝብል መግለጺታት ተዋህበ። እዚ ምስ ሰማዕኩ ግን ሰገጥ በልኩ። ግደ ሓቂ ቍሩብ ሻቐሎት’ውን ገይሩለይ እዩ። እዚ መስተ ናይ ብሓቂ በዚ ዝተባህለ መረዳእታ ወይ ኣጠማምታ ዲና እንሰትዮ፧ “ጽሩይ” ዝብሃል ናይ ብሓቂ ጽሩይ ስለዝኾነ ድዩ፧ ዝብል ሕቶታት ከሰላስል፡ ዳርጋ ምዝንጋዕና ወዲእና ክሳብ እንወጽእ ካብ ኣእምሮይ ዘይተፈልየ ጉዳይ እዩ ነይሩ።

እቲ ካብ ደገ ዝመጽእ መስተ “ጽሩይ”፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝፈሪ ድማ “ሎካል” እናበልካ ዝወሃብ ስያመታት፡ ንቕሓት ዝጐደሎ ብምዃኑ ክዝረበሉ ዝግባእ እኳ እንተኾነ፡ ኣብዚ ጽሑፍ ግን ንጥዕናዊ ሳዕቤን ናይዚ “ጽሩይ” እናተባህለ ዘወዓዋዓሉ ኢና ክንርኢ።

ኣልኮላዊ መስተ ብሓፈሻ፡ ዘሎዎ ሳዕቤን ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ብቐጻሊ ክዝረበሉ ንሰምዕ ኢና። ኣብ ኵሉ ስርዓተ ህዋሳትናን ኣካላትናን፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ጸላም ከብዲ ዘውርዶ ሃስያ ቀሊል ኣይኮነን። ጠንቂ ናይ ዝተፈላለየ ሕማማት’ውን እዩ። እዚ ብቐጻሊ ዝግለጽ ሳዕቤናት፡ እቶም ብግቡእ ኣብ ወግዓውያንን ፍሉጣትን ትካላት ዝፈርዩ ኣልኮላዊ መስተታት ዘስዕብዎ እዩ። ብዛዕባ ዘበኣሰ ሳዕቤናት ናይቶም ስኑዓት ኣልኮላዊ መስተታት ግን ዳርጋ ኣይንረኽቦን ኢና። ይትረፍ ሳዕቤናት ናይ ስኑዓት መስተታት፡ ኣልኮላዊ መስተ ከም ዝስናዕ ዘሎና ኣፍልጦ’ውን ዝተደረተ እዩ።

ሓደ ካብቶም ዓርሞሽሽ ትካላት ኣፍረይቲ ኣልኮላዊ መስተ፡ ስኮትላንዳዊ መፍረ ዊስኪ (Jhoni walkers Scottish whisky) እዩ። እዚ ትካል ዘጋጥሞ ካብ ዘሎ ዓቢ ብድሆ፡ ናይ ምስናዕ ጸገም እዩ። ዊስኪ ሓደ ካብቲ ኣብ ዓለም ብብዝሒ ዝስናዕ ኣልኮላዊ መስተታት’ዩ። ኣብ ናይ ዓለም ዕዳጋታት እውን ብብዝሒ ካብ ዝርከብ ዘይብቑዕ ወይ ትምዩን ፍርያት እዩ።

እዚ ትምዩን ፍርያት፡ ንመቐረት፡ ሕብርን ካልእ ትሕዝቶን ናይቲ ቀንዲ መስተታት ክመስል ተባሂሉ ዝኣትዎ ቀመማዊ ባእታታት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ንኣብነት፡ እቲ ብቑዕ ዊስኪ፡ ምሉእ ብምሉእ እኳ እንተ ዘይበልና፡ ሕብርን መቐረትን ዝትሕዞ ብዙሕ ረቓሒታት ኣሎ። ነቲ መስተ ንምስራሕ ዘድሊ ጥረ ነገራት ኣብ መስርሕ ምፍላሕ (fermentation)፡ መስርሕ ምፍላይ ኣልኮል (Distilation)፡ ክሳብ’ቲ ናይ መወዳእታ መልክዕ ዝሕዘሉ ናይ ዕንጨይቲ ገንኢ (Maturation)፡ ውዱእ መልክዑ ኣብ ምትሓዝ ተራ ይጻወት። ኣብ ትምዩን ዊስኪ ግን እዚ ነዊሕ መስርሕ ክሓልፍ ስለ ዘይክእል ዝፍለጥን ዘይፍለጥን ኬሚካላዊ ባእታትት ብምእታው፡ ነቲ ቀንዲ ትሕዝቶ ንምምሳል ዘይወግዓዊ መስርሕ ሓሊፉ’ዩ ዝፈሪ። ስለዚ፡ ኣብዚ ናይ ትምዩና መስርሕ ዝኣቱ ዝበዝሐ ኬሚካላት፡ ጉዳይ ጽሬትን ካልእ ብዙሕ ሕቶታትን ዘለዓዕል እዩ። ንኣብነት፡ ኣብዞም ትምዩናት ፍርያት ዝኣቱ ሜታኖል ዝብሃል ኣልኮል፡ ሓደ ካብቲ ንኣካላትና ሃሳዩ ዝኾነ ባእታ እዩ። ሜታኖል ኣብ ኣካልትና ዝፈጥሮ ፎርሚክ ኣሲድ ዝብሃል ባእታ እውን ኣብ ዝተናውሐ እዋን ናይ ኩሊት ጸገማት፡ ሕማም ጸላም ከብዲ፡ ናይ ሓንጎል ምድኻም፡ ሕማም መንሽሮ፡ ክሳብ ናይ ባህሪ ለውጢ (Personality disorder)፡ ከስዕብ ይኽእል። ካልኦት ንመቐረት፡ ሕብርን ካልእን ተባሂሎም ዝኣትዉ ኬሚካላት’ውን፡ ኣብ ጥዕናና ዓቢ ሃስያ ዘሎዎም እዮም። ሳሕቲ ዘጋጥም ዝኸበደ ሳዕቤን ድማ ኣብዚ መስተ ሜታኖል ብብዝሒ ዓቐን ምስ ዝህሉ፡ ክሳብ ቅጽበታዊ ዑረትን ጉድኣት መትኒ ኣዒንትን ከምጽእ ዝኽእል እዩ።

ብዛዕባ እዞም ትምዩናት ኣልኮላዊ መስተ ዘልዓልናሉ ምኽንያት፡ እዚ ኣብ ፈቐዶ ባራትን ለይታዊ ትልሂታትን “ጽሩይ” እናተባህለ ዝሸየጥ፡ ካብ ወጻኢ ሃገር ዝመጽእ መስተታት፡ እቲ ዝረሰሐ ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ ግናዛበና ንኽነበርኽ እዩ።

ናብ ውሽጢ ሃገር ብዝተፈላለየ ኣገባብ ዝኣቱ ኣልኮላዊ መስተ፡ ዋላ እኳ ኵሉ ወይ ክንዲ’ዚ ቍጽሪ ኢልና ክንድምድም ዘኽእለና ጭቡጥ መጽናዕትን ባይታን ኣይሃሉ፡ ትሕተ ብቕዓት ወይ ትምዩን ክኸውን ዘሎዎ ተኽእሎ ግን ዓቢ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብዚ እዋን፡ ኣብ ድኳናት ዘሎ ዋጋታት ዊስኪ፡ ምስቲ ነዊሕ መስርሕ ሓሊፉ ናብ ዕዳጋ ዝወርድ መጠን ክወዳደር ከሎ ኣዝዩ ዝተሓተ እዩ። ብኣንጻሩ ኣብ ሃገርና ዘሎ ፍርያት ክትምየን ዘሎዎ ተኽእሎ ወይ ትምዩን ክሸየጥ ዘሎዎ ተኽእሎ ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ጸቢብ ዓንኬል ዝፈሪ ብምዃኑ።

ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ’ዘን ቤት መስተታት ዘሎ ባህሊ፡ ኣብ ገለ እዋን ሳዕሪሩ ይርአ እዩ። “ብምኽንያት ኣውደኣመት ‘ጽሩይ’ ጥራይ እዩ ዝወርድ፡” “እዚ ባር እንዳ ጽሩይ ጥራይ እዩ፡” እናበልካ፡ ዘይወግዓውን ዘይቅቡልን ደረጃታት እናፈጠርካ፡ መኽሰብ ንምኽዕባት ዝግበር ንግዲ፡ ከም ብልሓት ዝሓለፎ ናይ ዕዳጋ ፈጠራ ክሕሰብ፡ ዘይቅቡልን ሓደገኛን ጉዳይ እዩ። ካልእ ኣሰካፊን ኣብ ገለ እዋን እነስተብህሎን ጉዳይ፡ ከባቢና ዝህበና ግምት ወይ ስእሊ ክንሕሉ፡ ናይ ደገ “ጽሩይ” ዝብሃል መስተ ክንሰቲ ንመርጽ ምዃና እዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ናብ ሃገርና ዝኣቱው ኣልኮላዊ መስተታት፡ ንብቕዓቱ ዘረጋግጽ ኣገባብ ክሕይልን፡ እነህልኾ ዓይነት መስተ ድማ ብንቕሓትን ጥንቃቐን ዝተሰነየ ክኸውን ይግባእ። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ፡ ኣልኮላዊ መስተ፡ ኣበይን ብኸመይን ተሰሪሑ ዝብል ሕቶ ንጉድኒ ገዲፍና፡ ኣብ ኣካላትና ዘውርዶ ሳዕቤናት ዘካትዕ ኣይኮነን። ዝተተምየነ መስተ ምስ ዝኸውን ድማ መሊሱ ይብእስ።

ስለዚ፡ እተን ነዚ መስተታት ዝቐርባ ትካላት፡ መኽሰበን ንምኽዕባት፡ ኣማራጺታት ብምጒዳል፡ “ጽሩይ” ወይ ካልእ ሰሓቢ ኣስማት ብምሃብ፡ ንዓማዊለን ብሜላ ናይ ወጻኢ መስተታት ከህልኹ ምዕዳም ከወግዳ ይግባእ። ዝምልከቶም ኣካላት ጥዕናን ካልእን ድማ ኣብዚ ጉዳይ ዓሚቝ መጽናዕቲ ብምክያድ፡ ጥዕና ህዝቢ፡ ኣውራ ድማ ጥዕና መንእሰያት፡ ኣብ ምሕላው እጃሞም ክጻወቱ እዋኑ ዝጠልቦ እዩ።

ጎምግራም

# ኣብ ወወርሒ ሕርሲ



ሓንቲ ስማ ዘይተገልጸ ጓል ባንግላዴሽ ኣብ ሓደ ወርሒ ክልተ ግዜ ብምሕራሳ መዛረቢ ኰይና። ብመሰረት ሓበሬታ ሲ.ኤን.ኤን፡ እዛ ቦኳር ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ወርሒ ጥሪ ቀዳማይ ዉላዳ ድሕሪ ምግልጋላ፡ ድሕሪ ሓደ ወርሒ ቅልውላው ሕርሲ ስለ ዘጋጠማ ዳግማይ ናብ ሆስፒታል ብምእታው ማናቱ ምግልጋላ ተገሊጹ።

ኣብ ገጠር ብምንባራ ቅድሚ ምሕራሳ ዝኾነ ሕክምናዊ መርመራታት ክትገብር ዕድል ዘይረኸበት እዛ ኣደ፡ ወናኒት ክልተ ማህጸን ብምንባራ’ያ ከም’ዚ ዓይነት ኣገራሚ ተርእዮ ከጋጥማ ኪኢሉ።

ኣብ ምሕራሳ ዝተሳተፈ ሺላ ፖዳር ዝተባህለ ሓኪም፡ “ኣብ ሞያ ሕክምና ልዕሊ ዒስራ ዓመታት’ኳ ሰሪሐ እንተ ለኹ፡ ከም’ዚ ዓይነት ክስተት ኣጋጢሙኒ ኣይፈልጥን’ዩ” ብምባል ብምግራም ይገልጽ።

ክልተ ማህጸን ምውናን ኣብ መንጎ ሓሙሽተ ሚልዮን ደቀንስትዮ ሓንሳእ ከጋጥም ዝኽእል ተርእዮ ምዃኑ፡ ተመራመርቲ ይገልጹ። ቅድሚ ሕጂ’ውን ኣብ 2011 ሓንቲ ኣብ ፍሎሪዳ እትነብር ኣደ ካብ ነንበይኖም ማህጸናት ክልተ ህጻናት ምግልጋላ ይዝከር።

*መጽሔት መንእሰይ ቍ.72*

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ዲና ዘርእዝጊ ክፍለ ምባል ተረፉ፡ ደሊና ዘርእዝጊ ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣስሊ ወራሲ ገብረ ምባል ተረፉ፡ ኤልሳ ወራሲ ገብረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ስምረት ኣድሓኖም ገብረእግዚኣብሄር፡ ብዋልድ ቤተይ ማዘያስ ጺጋይ ገብረትንሳኤ ስለዝሞረፈ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ መሰለይ ይተሓወለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ተስፋይ ብርሃ ገብረያውሃንስ፡ ኣቦና ብርሃ ገብረያውሃንስ ወልደገርግሽ ስለዝሞረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና፡ን ኣዴና ወ/ሮ ዐቕባማርያም ገብረእግዚኣብሄር ናይ መጽምዲ መሰላ ይተሓለወላ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋብኢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኤልሳ ተስፋልደት ገብረህይወት፡ ኣደይ ኣበራሽ ተፈሪ ፍትዊ ስለዝሞረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ፊይሩዝ ሃብቶም የማነ ምባል ተረፉ፡ ፊሩዝ ሃብቶም የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኤልሳ የውሃንስ፡ ብዋልድ ቤተይ ክፍለማርያም ኣብርሃ ገብረሂወት ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ መሰለይ ይተሓወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሉተሰላሴ ሃይለ ተወልደመድህን፡ ብዋልድ ቤተይ ዳዊት ፍስሃየ ኣዲግ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ መሰለይ ይተሓወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

በረኸት ኪዳነ ታፈሰ፡ ወለደይ ኪዳነ ታፈሰ ወንደምን፡ ኣበባ ወልደገብርኤል ኪዳነ ስለዝሞረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣፍምያ ክፍለም ገብረኣብ፡ ኣደይ ትምኒት ገብረሰማእቲ ገብረስላሴ ስለዝሞረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣቶ ዳዊት ኣፈወርቂ ዘርኣት፡ ወደይ የሴፍ ዳዊት ኣፈወርቂ ስለዝሞረፈ፡ ኣነ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ፣ ጓለይ ድማ ናይ ወላዲታ ነ/ሄር ኣፍምያ የውሃንስ ንጉሰ ተኪአ ወራሲት ምኻና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሶሊያና ሃይለ እምባዬ፡ ብዋልድ ቤተይ ዘርኣት ተወልደ ዘርኣት ስለዝሞረፈ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ መሰለይ ይተሓወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋብኢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሚካኤል ማሳፍን ኣብርሃ፡ ኣደይ ሂወት ለማ ስለዝሞረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋብኢያ ይቕረብ።

ኣቶ ፊልሞን ክፍላይ ጎይጾ፡ ኣደይ ሄዋን ኣስፍሃ ፍስሃየ ስለዝሞረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋብኢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ሰልቫና የሃንስ ገብረትንሳኤ፡ ኣቦይ የሃንስ ገብረትንሳኤ ቀሺ ኪዳነ ስለዝሞረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኢያ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ብርኽቲ ተስፋይ ሃይሉ፡ ኣቦይ ተስፋይ ሃይለ ሓጉስ ስለዝሞረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተወን ተኽስተ ኪዳነ ምባል ተረፉ፡ ቤትኤል ተኽስተ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጉዖይ ተስፋጋብር ሃብተሚካኤል፡ ወደይ ሳሙኤል እስጢፋኖስ ዘርኣ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ ወላዲኡ እስጢፋኖስ ዘርኣ ባይረ ጥራይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ክስተ ጺጋይ ተወልዴ፡ ስም ኣደይ ኣስመረት ዜናዊ ምባል ተረፉ፡ ኣስመረት ዜናገብረኤል ቃልኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኪዳነ ተኽለ ዑቕባዝጊ ምባል ተረፉ፡ ሳሙኤል ተኽለ ዑቕባዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚካኤልም ኤልያስ ኤፍሬም ምባል ተረፉ፡ ሚካኤል ኤልያስ ኤፍሬም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ቅድስቲ ኣርኣያ ሃብተሚካኤል፡ ብዋልድ ቤተይ ግርማጼን ዑቕባዝጊ ክፍለ ስለዝሞረፈ፡ ንዓይ ናይ መጽምዲ መሰለይ ይተሓወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻንናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ቅሳነት ጎይትኦም ወልደትንሳኤ ግደ ምባል ተረፉ፡ ቅሳነት ዓንደማሪቀል ተኪኤ መብራህቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ከሳሲ ሳልሕ ዓብዱ ጣህር፡ ተኸሳሲ ሓምድ ሕመዳን፡ ብናይ ስቪል ጉዳይ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ንፈልጥ።

ኣጃሙ በኸት ኣብሮ ምባል ተረፉ፡ ኣጃሙ በኪት ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ወ/ሮ ትዕግስቲ ወልዳይ ዘርኡ፡ ስም ኣደይ ሃብየት ገረዝጊሄር ዘወልዲ ምባል ተረፉ፡ ኑብየት ደብረጽዮን እምባዬ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መና እድሪስ ዓሉ ምባል ተረፉ፡ ቀብሄል ፍጹም ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ በረኸት ብስራት ኪዳነ፡ ስም ኣደይ ብርሃናዊት ዐቕባጽዮን ተምኖ ምባል ተረፉ፡ ብርሃና ዐቕባጽዮን ተምኖ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣርኣያ ገብሩ ዘወልደማርያም፡ ኣቦይ ገብሩ ዘወልደማርያም ሰቛር ስለዝሞረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ሃብቲ ኣነ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ክብሮኣብ ገብረመስቀል ባይሩ፡ ስም ኣደይ ኣስፋሽ ጠላ መሓሪ ምባል ተረፉ፡ ኣስፋሽ ተላ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ፋጥና ማሕሙድ እድሪስ ድላማይ ምባል ተረፉ፡ ፋጥና ማሕመድ ድላማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ደብሳይ ዓብደላ ሐሴን ምባል ተረፉ፡ ጃበራ ዓብደላ ሐሴን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ን/ዞባ ባጽዕ ከተማ ባጽዕ ምም/02 ብስም ወላዲተይ ኣፍ/መንጠግበ ገብረቆርቆስ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ልብሬቶ ስለ ዝጠፍኣኒ ረኺቡዎ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዚዎ ዝርከብ እንተሎ፡ ኣብ ወሽጢ 30 መዓልቲ ብቁ/ሞባይል 07142927 ደዊሉ ይርከበኒ። እንተዘይቀሪቡ ካብ ዝምልከቶ መተሓእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምኻነይ እሕብር።

ወረ/ኣፍ መንጠግበ ገብረቆርቆስ
ብወራሲት ወ/ሮ ፍረወይኒ መብራህቱ

---

ብስም ፍረወይኒ ሃብተገርግሽ ትኩእ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL 00044456 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይተመናይ ጎደና 143-7 ቁ.ገዛ– ዝርከብ ናይ ዱኳን ትካለይ ንኣቶ ግርማይ ወልዱ ቦጋለ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ጎርይቶ ቁ.ገዛ 18 ካብ ዕለት 17/04/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ወሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ፍረወይኒ ሃብተገርግሽ ትኩእ
ሕጋዊ ወኪል ሜሮን ሃብተገርጊሽ ትኩእ

---

ብስም ንግስቲ ኢያሱ ዞርያስ፡ ብቑ/ፍ. ዋኒን ASL00026202 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሕነፍሒ ቁ/ገዛ – ዝርከብ ናይ ቤት መግብን መስተን ትካለይ፡ ንወ/ሮ መዋእል ሲሳይ መሓሪ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ም/ዞባ ዓዲ ቀይሕ ዐናበር ቁ.ገዛ– ካብ ዕለት 09/09/2025 ክሳብ ዕለት 08/09/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ወሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ንግስቲ ኢያሱ ዞርያስ

---

ብስም ሰናይት ተወልደ ሃይለ፡ ብቑ/ፍ.ዋኒን ASL00034569 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ዳህላክ ቁ.ገዛ – ዝርከብ ናይ መሸጢ ሓፈሻዊ ህንጻን ሕርሻን ትካለይ፡ ንኣቶ ተኽለ ሰረቀ በራኺ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሻ ነፋሒ ጸሎት ቁ.ገዛ– ካብ ዕለት 01/02/2025 ክሳብ ዕለት 31/01/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ወሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ሰናይት ተወልደ ሃይለ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ለተብርሃን ተስፋይ ክፍሉ፥ ኣቦና ዓንደብርሃን በርሀ ስረቃን ኣዴና ሂወት ተኽለ እምኑቱን ስለዘዋረፋ፥ ናይ ኣቦና ኣፍ/ዓንደብርሃን በርሀ 1. ሂወት ዓንደብርሃን በርሀ 2. ክብራ ዓንደብርሃን በርሀ 3. ጺጋይ ዓንደብርሃን በርሀ 4. ሰወእ ተኽለኣብ ዓንደብርሃን በርሀ ተተካእቲ ደቁ 5.ነ/ፍ ኣብርሀት ዓንደብርሃን በርሀ ተተካእቲ ደቃ 6.ንግስቲ ዓንደብርሃን በርሀ 7. ዘሙይ ዓንደብርሃን በርሀ፤ ናይ ኣዴና ከኣ 1. ለተብርሃን ተስፋይ ክፍሉ 2. ክብራ ዓንደብርሃን በርሀ 3. ጺጋይ ዓንደብርሃን በርሀ 4. ሰወእ ተኽለኣብ ዓንደብርሃን በርሀ ተተካእቲ ደቁ 5. ነ/ፍ ኣብርሀት ዓንደብርሃን በርሀ ተተካእቲ ደቃ 6.ንግስቲ ዓንደብርሃን በርሀ 7. ዘሙይ ዓንደብርሃን በርሀ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/05/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ/ 32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓዳስ ሃይለ ምዝሉ፡ ብዓል ቤተይ ሰሎሙን ክፍለ ኢማም ስለዘዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ መዝሀት ነጋሽ ገብረሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሳምሶም በየነ ገብረክርስቶስ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ሰናይት ወልደገርግሽ ፍስሓጽዮን፡ ብዓል ቤተይ ሃይለ ጺጋይ መርዱ ስለዘዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ደብቀሽ ኣብራሃ ዘለቀ፡ ኣቦይ ኣብርሃ ዘለቀ ኪዳኑን ኣደይ ለተንሳእ ኣብሃዱምን ስለዘዋረፋ፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ምሕረት ኣብርሃ መንኣመና፡ ስም ኣደይ ምሕረት ኣብርሃ መንኣመና ምግል ተሪፉ፥ተበርሀ ገብረይ ግርሙ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

እስቲፋኖስ ሃብተማርያም ይሕደጉ፡ ኣደይ ንግስቲ ክብረኣብ ገብረሂወት ስለዘዋረፈት ኣነ ምስ1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ወልዱ ገብረትንሳኤ ደሞዝ፡ ኣቦይ ገብረትንሳኤ ደሞዝ እንግዳ ስለዘዋረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ህሉዋት ኣሕዋተይ 1መዋቲት ተተካእቲ 3 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ይቕረብ።

ገብረኤል ገብረማርያም ሰለቡ፡ ዑቕባማርያም ገብረማርያም ሰለቡ፡ ጽሃይቱ ገብረማርያም ሰለቡ፡ ሓፍትና ኣፍ/ሪት ጊየርጊስ ገብረማርያም ሰለብ ዝበደፈትልና ለበዋ ክጹድቀልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ህድኣት ተወልደ ገብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ጺጋይ ሰለብ ስለዘዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ከሳሲ ሃይለ ኣብርሃም በራኺ፡ ተኸሳሲት ፋኑስ ቃልኣብ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ልዋም ገብረሚካኤል ተስፉ፥ ሓውና ርእሶም ገብረሚካኤል ተስፉ፥ ብቤት ፍርዲ ጥፉእ ምዃኑ ተረጋጊጹ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ፍስሃየ ኣረጋይ ፋርሱ፡ ተኸሰስቲ 1.ባህረ ወልዴ 2.ኣቶ ኣብርሃም ኣርኣያ፡ ኣብ ልዕሌኹም ንሬጸሚ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ራመኤ ክፍሎም ኣብርሃም ምግል ተሪፉ፥ እሰይ ክፍሎም ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ምልእተ ደስታ እምኑ፡ ብዓል ቤተይ ገብረማስቀል ተስፋሚካኤል ሓደራ ስለዘዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሰናይት ብርክቲ ሃብቱ፡ ሓፍተይ ኣድሓኑት ኣብርሃ መረሻ ስለዘዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሳሚኤል ክፍሉ ተስፉማርያም፡ ዓባየይ ገብርኤል ሮኽሪጽዮን ስለዘዋረፈት፡ ኣነ ንወላዲተይ ብምትካእ ምስ 1ኣኮይን 1ሓትኖይን 6 ተተካእቲ ደቂ ሓትኖታተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሰለሞዊት ፍስሃየ ሃብተስላሴ፡ ኣቦይ ፍስሃየ ሃብተስላሴ ዕቑቡን ኣደይ ጸሃይሽ በላይ በራኺን ስለዘዋረፋ፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣዜብ ኣብርሃ ዑቕባጋብር፡ ብዓል ቤተይ ተኽለሃይማኖት ገብረልኡል ዘራጽዮን ስለዘዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 9 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣቶ ዑቕባይ ወልዳይ ዘርግኸ፡ ኣቡሓጎይ ገብረኪዳን ባረን ገረደን ዓባይና መድህን ጺጋይ ግብሪትን ስለዘዋረፉ፥ ኣነ ምስ 1ኣሎምን 3 ተተካእትን 1ናይ ተተካኢት ተተካእን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ተጸዋዒ ኣቶ ሳሙኤል መንግስትኣብ ዘዉጌ፡ ብኣመልካቲት ወ/ሮ ራሓና ዓብደልቓድር ከበረ ናይ ውክልና ምስራዝ መዘዝብ ተኸፊቱ ስለዘሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሓዳስ ሃይለ ምዝሉ፡ ኣደይ ኣዜብ ግደ በየን ስለዘዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ናህም ክፍሎም በርሀ፡ ኣደይ ሰናይት ገብረመድህን ኣበዳ ስለዘዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ተጋ/ ክብሮም በየነ ጺጋይ፡ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ርግኣት ሰሎሙን ኣርኣያ ስለዝተሰወአት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ት/ዕድመ ብዘመዝነቶም ኣበሎም ኣቦና የናታን ታደሰ ኣባይ ስለዘዋረፈ፡ ንሕና ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣማኑኤል ወልደሚካኤል ተስፋይ፥ ሓወይ ሓደሽ ወልደሚካኤል ተስፋይ ስለዘዋረፈ፡ ኣነ ምስ 12 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣብ ሞንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ፍረወይኒ ተኽለይ እምባዬን ተኸሰስቲ ወረ/ ኣፍ/ኣማኑኤል ዘርኣጋብር ገደኑ ናይ ምቕሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ንጹር ኣድራሻኦም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ተኸሰስቲ 1.ሰሎሙን ኣማኑኤል ዘርኣጋብር 2.ግዑግር ኣማኑኤል ዘርኣጋብር 3.ግርማይ ኣማኑኤል ዘርኣጋብር 4.ብስራት ኣማኑኤል ዘርኣጋብር 5.ወ/ሮ ዳህላክ ኣማኑኤል ዘርኣጋብር 6.ኣዱሊስ ኣማኑኤል ዘርኣጋብር 7.ወ/ሮ ኣድያም ኣማኑኤል ዘርኣጋብር 8.ኢሰይያስ ኣማኑኤል ዘርኣጋብር 9.ወ/ት ሮዳ ኣማኑኤል ዘርኣጋብር፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ ሰቨል መጋቢያ ቁ.37 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኤልሳ ከፈላ ገብረሂወት፡ ተጸዋዒ ኢሳያስ የማኑ ናይ ምግዚት ክሲ ቀሪቡልካ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን28/526 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኤፍሬም ገብረእግዚኣብሄር ገብሩ፡ ተጸዋዒት ሰላም ብርሃነ ኣለም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ማስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ኤርምያስ የሴፍ ምስየን፡ ኣቦይ ነ/ፍ የሴፍ ምስየን ጊላሚካኤል ብለበዋ ዝበደፈለይ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ኮባ ጉዳይፍ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ/ምዝገባ 116977 መወከሲ ቁጽሪ 136481/136482 ምስ መዳውብቱ፡ ብሰሜን ምስ መንገዲ፡ ብምብራቕ መንገዲ፡ ብደቡብ ምስ ኣቶ ኣበበ ገ/መድህን፡ ብምዕራብ ምስ መንገዲ ዝዳወብ ዝገበር ለበዋ ይጸድቀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ከሳሲ ኣሕመዲን ኑርሑሴን ሓጎስ፡ ተኸሳሲ ዓብደላ ሳልሕ ኣሕመድ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ተጸዋዒ ኣቶ ኣሌክስ ሚካኤል ሰሮት፡ ብኣመልካቲት ወ/ሮ ኤደን እዮብ ዘምህረት ንጉዳይ ለበዋ ምጽዳቕ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ይሕደጎ ሃብተ ማዝንግዑ 42 ሄለን መሓሪ ንጋኺ ዝምልከት ናይ ምቕሊት ውርሻ ጉዳይ ስለዘሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕላ

ኣቶ ገብረእግዚኣብሄር ወልደኣብ ገብረክርስቶስ፡ ኣዴና ኑብያት ሓጎስ ሃይለሚካኤል ስለዘዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ወይኒ ገብረሚካኤል ገብረማስቀል ምግል ተሪፉ፥ ወይኒ ባርያሚካኤል ገብረማስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣለም ሓጎስ ጸሃይ፡ ኣደይ ትርፈ መብራህቱ ድራር ስለዘዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮዳስ በረኸት ተስፋስላሴ ምግል ተሪፉ፥ ኤደን በረኸት ተስፋስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሳሙኤል ብርሃነ ገብረየሱስ ምግል ተሪፉ፥ ሰሉት ብርሃነ ገብረየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኬብሮን ተዓንስ ተኽለ ምባል ተረፉ፣ ካብኤል ተዓንስ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

መንግስ ኣብርሃም ዝብረኣምላኽ፣ ስም ኣደይ ሓዳስ ተስፋይ ታቦት ምባል ተረፉ፣ ሓዳስ ተስፈ ሃይለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ ምሕረት ኣርኣያ ዑቕባርግስ፣ ብዓል ቤተይ ተስፋሚካኤል ማሳፍን ፍስሃጼን ስለዝተሰወአ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሄቨን ኣማንኤል ምባል ተረፉ፣ ሳሮን ኣማንኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓወት ጉብረሂወት ኣብርሃ ምባል ተረፉ፣ ዓወት ጉብረሂወት ጉብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣልማዝ ኣስፍሃለይ ተወልደ ምባል ተረፉ፣ ትርሓስ ኣስፍሃለይ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ክሱ. ዳዊት ሃ/ገርግሽ ተኸሳሲ. ደቦሳይ ከሱተ፣ ክሲ. ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን24/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ጸገ ዓንደም ወልዱ ምባል ተረፉ፣ ጸገ ክፍለ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስምረት ተስፋማርያም፣ ኣደይ ገነት ተኽለ ስለዝዓረፈት፣ 4 ደቃ ወረስቲ ኢና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ክሱ. ኣቶ ዑቕባሚካኤል ተኽለማርያም ተኽለሃይማኖት፣ ተኸሰስቲ 1.ዳኒኤል ኣድሓኖም 2.ዜናዊ ኣድሓኖም፣ 3.ቅሳነት ኣድሓኖም፣ 4.ፌቨን ኣድሓኖም፣ ንዓኹም ዝምልከት ናይ ስም ምስግጋር ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣዝመራ ምሕረትኣብ ገዕሹ ተኸሳሲ. ሓጎስ ሃይለ ጸሓይ መረብ፣ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ሄለን መርዕድ በርሀ ምባል ተረፉ፣ ሄለን ዐቅባዝጊ ደቦሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ክሱ. ኣቶ ዳኒኤል ሃይለሚካኤል፣ ተኸሳሲት ወ/ሮ ምሕረት ጉብረእግዚኣብሄር፣ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልኪ. ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፣ ጉዳይኪ. ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

መም/መሓሪ ሚካኤል ኪዳነ ምባል ተረፉ፣ መም/ዳዊት ሚካኤል ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

እምነት ኣማረ ወልደማርያም ምባል ተረፉ፣ብሻይ ኣማረ ወልደማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መድሃኒት ገርጃ መጃሾ ምባል ተረፉ፣ ኢየሩሳሌም ገርጃ መጃሾ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

መድሀን ወልዳይ ግርማይ ምባል ተረፉ፣ ሰሊት ወልዳይ ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኢትየጵያ ዝብረኣምላኽ ዑቕባሚካኤል፣ ወለድና ኣቶ ዝብረኣምላኽ ዑቕባሚካኤል ፍስሐ፣ ኣዴና ያየሽ ብርሃ ባህታ ስለዝዓረፉ፣ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መኮንን በላይ ኪዳነ ምባል ተረፉ፣ መኮንን ጉላይ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኢያሱ መንግስ ወልደጉብርኤል ምባል ተረፉ፣ ኢያሱ መንግስትኣብ ወልደጉብርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሳዕድያ መሓመድእድሪስ መሳ ምባል ተረፉ፣ሳዕድያ መሓመድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንግስቲ ወልደሚካኤል ምባል ተረፉ፣ ንግስቲ ሚከኤል ወልደንከኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳባ ዘርኣማርያም ቀላቲ፣ ብዓል ቤተይ ዞሚካኤል ግደ ተሰፉ ካብ 2020 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ ደሃይ ስለ ዘይብሉ ይጸወዓለይ ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፣ እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣጃሙ በኺት ኣቡረ ምባል ተረፉ፣ ኣጃሙ በኪት ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ክሱ. ሳልሕ ዓብዱ ጣሀር፣ ተጸዋዒ ሓምድ ሕመዳኑ ናይ ሰቨል ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፣ እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ሮ ምሕረት ረዳኢ ሃብቱ፣ ብዓል ቤተይ ፍቓዱ ታደሰ ተስፋማርያም፣ ብዕለት 09/01/2026 ዓ/ም ኣብ ሃይቅዳም ስለዝተሰወአ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋዝጊ ተስፋስላሴ ጉብረሚካኤል ምባል ተረፉ፣ ሞባዝጊ ተስፋስላሴ ጉብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ጀሚላ መሓመድ ኑሩ፣ ኣቦ ወደይ ዑስማን ዑመር ስለዝተሰወአ፣ ወድና መሳ ዑስማን ዑመር ወረሲ. ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ሰዓረ ተስፋዝጊ. እዛዝ ምባል ተረፉ፣ ተዓረ ተስፋዝጊ. እዛዝ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ከዲጃ ሳልሕ ባሕረይ፣ ስም ኣደይ ኢሞና ሱሌማን ኣሕመድ ምባል ተረፉ፣ ኣምና ሱሌማን ስልጣን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን8/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ሞንን ብፍ/በ/ማሰል ወረ/ፍ የማነ ጉብረማርያም ወረ/ፍ ዝፋን ጸጋይ ወልዱ ወ/ሮ ኣልማዝ የማነ ጉብረማርያም ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፍ የማነ ጉብረማርያም ወረ/ፍ ዝፋን ጸጋይ ወልዱ ኣቶ ጊላዝጊ. የማነ ጉብረማርያም +4 ብዘተፈጥረ ክርክር፣ እቲ ኣብ ኣስመራ ዞባ 6 ምም/02 ጎደና ለ ቁ/ገዛ 07 ኣብ 88 ት/ሜ ዝተደኮነ 2 ቀንዲ. ክፍሊ. 2 ሓገዝቲ ዝሓዘ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ተሸይጡ ብብጽሒቶም ክወስዱ ቤት ፍርዲ ስለዝኣዘዘ፣ እዚ. ገዛ ብዘለዎ ኩነታት ብክኢላ ማጠሰ. ዋጋ ናይ ሓራጅ 108,993.30 ናቕፋ (ሓደ ሚእትን ሸሞንተን ሽሕን ትሽዓተ ሚእትን ቴስዓን ሰለስተን 30%) ስለ ዝተገመተ፣ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ጨረታ ክሳተፍ ዝደሊ፣ ቅድሚ ዕለት ጨረታ ዘሎ ሓሙሽተ (05) ናይ ስራሕ መዓልታት ጀሚሩ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ተወዳዳሪ ክበጽሖ ዝደሊ. መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብፊደልን ብንጹር ጽሒፉ ኣብ ፖስታ ዓሺጉ የእቱ። ኣብ ዕለት ሓራጅ ድማ 1/4 ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ብምስራሕ ወይ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ሐዚዙ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል።

ዕለት ሓራጅ፦ 16/06/2026

ሰዓት 3፡00-4፡00፦ ድ/ቀትሪ

ቦታ ፦ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/27

ገዛ ክርኢ. ዝደሊ፣ ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ ጥቓ እንዳ ስላሴ ቤተክርስትያን ጥቓ ማይ ቦጥ እዩ።

ተወሳኺ. ሓበሬታ ክወስድ ዝደሊ፣ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/65 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት መጺኡ ክወከስ ይኽእል።

ዝቃወም እንተሎ፣ ኣብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። መአገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ።

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

---

ብስም ኣልማዝ የውሃንስ ዑቕባዝጊ. ዝተመዝገበ፣ ብቑ.ፍ.ዋጊን ASL 00041075 ዝኾነ፣ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ሞንጎሎ ቁ.ገዛ 69/71 ዝርከብ ናይ ኣሕምልትን ፍረታትን ትካለይ፣ ንወ/ሮ ራህዋ ተስፋይ ከሱተ፣ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና113-1 ቁ.ገዛ – ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፣ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ. ሰላሳ መዓልቲ፣ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ኣልማዝ የውሃንስ ዑቕባዝጊ.

ሕጋዊ ወከል ዊንታና ነጋሽ ገ/ሚካኤል

# መዘነዪ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## መለለዪ ትብዓት



"ምስጢር ሓጎስ ናጽነት እዩ፡ ምስጢር ናጽነት ድማ ትብዓት እዩ።" - ቱሲዲደስ

ትብዓት ሓደ ክእለት ኮይኑ ኑቲ ክትገብሮ ዝደለኻ ነገር ክተተግብሮ ዘኽእል ዓቕሚ እዩ። ንፍርሒ ብዓቢ ተቓውሞ እትስዕረሉ መድረኽ እዩ።

ትብዓት ሓደ ዓቢ ወሽጣዊ ሓይሊ ኮይኑ ክሱብ መወዳእታ ዕላማኻን ራእይኻን ክብጽሓካ ዘኽእል ሓይሊ እዩ። ክኢላታት ከም ዝገልጽዎ፡ ንትብዓትና ልክዕ ከም ጭዋዳታትና ምስ ግዜ ክትርርን ክሕሓይሾን ከም እንኽእል ይገልጹ። ፍርሒ ከም ግብረ-መልሲ ክኸውን እንከሎ፡ ትብዓት ድማ ከም ውሳነ ክውሰድ ይከኣል።

ትብዓት ሓደ ዓቢ ወሽጣዊ ሓይሊ ኮይኑ ክሱብ መወዳእታ ዕላማኻ ይኹን ራእይኻ ክብጽሓካ ዝኽእል ሓይሊ እዩ። ትብዓት ብዓቢ ጥቡቡ መግዘኡትን ወሽጣዊ ሓይሊን ዝተመልአ እዩ። ትብዓት ሓደ እወታዊ ስነ ኣእምሮ ኮይኑ እሩም ኣካይዳ ይኽተል።

እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘሎዎም ሰባት ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ዕወታት ኮይኖም ክወጹ ልሙድ ተርእዮ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ትብዓት ብዝያዳ ከም እምነት፡ ግሉጽነት፡ ፍቕርን ጥዑዝን ዘጠቓልል።

ትብዓት ሓደ ዓቢ ሱምግር ስለ ዝኾነ ተኸፉ ዝመልአ ዘረባ ንኽትዛረብ ይሕግዘ። ትብዓት ሰባት ንዝተፈላለዩ ሾግራት ይኹኑ ምስጢራት ንምንጋር ኣይጸገሙን። ምኽንያቱ ንዝመጸኡ ተቓውሞን ሾግራትን ከም ዝምክትዎም ስለ ዝኣምኑ። ግሉጽነት ሓደ መርኣያ ትብዓት ክበሃል ይከኣል። ርትዓዊ ኣጠምታ ክህልወካ ድማ ይሕግዘካ፡ ከምቲ 'ሓቢኡ ቁስሉ ሓቢኡ ፈውሱ' ዝበሃል ማለት እዩ። ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ተሓታቲ ካብ ምኻን ንምምላጥ ግሉጽነት ይገሰ እዩ። ብሓፈሻ ግሉጽነት ብዘተኣዓብዩ ስድራቤትን ብዘተኣዓብዩ ሕብረተሰብን ይጸሉ እዩ። ገለ ሕብረተሰብ ኣዝዩ ዓቃቢ ባህሪዩ ዝውንኑ።

ዝመጸ ይምጻእ ሾግር ብጸገማትን ብዘስዓቡን እንተ ዘይተኾይኑ ማዕረ ክንደይ ክብደቱ ከም ዝዓቢ ርዱእ እዩ። ብዝያዳ እምብኣር ኑቲ ክንዝጽሖን ክንጭብጦን ዝደለናዮ ነገር ወሽጥና እንተ ዘይቶቐፊና ትብዓት ኣሎና። መብዛሕትኡ ግዜ ዘጋጥመና ጸገማት ልዕሊ ዓቕምና ኣይኮኑን። ስለዚ ንምፍትሖም ማዕረ'ቲ ንጭኡቖ ኣይከኑን፡ መቸም ኣብዚ እንነብረሉ ዓለም ደዐበ ይንኣስ እንተስ ክብድ ዝበለ ወይ ፍኹስ ዝበለ ዘይሓምም ሰብ የለን። እቶም ትብዓት ዘለዎም ሰባት ንሕማሞም ብርጉእ መንፈስ ስለ ዝቕበልዎ ኣብ ሓጺር ግዜ ናይ ምሕዋይ ዕድሎም ዝዓበየ እዩ። ዋላ እውን ኣካሎቶም እንተ ሓመሙ ካብ ወሽጣዊ ሻቕሎትን ዘይተደልየ ተሰፉ ምቕራጽን ክገላገሉ ይኽእሉ።

ንዝተፈላለየ ወልፈ ክብድህዎ ኣይጸገሙን። ብፍላይ ኣብ ገለ ሰባት ዝርአ ኑብሰኻ እናወጸካ ዝገበሩ ኣዕዋውቲ ዝምድናታት እውን ሓደ ካብቶም ንምቁራጾም ትብዓት ዝሓቱ እዩ።

## ቴማታት ናጽነት ኣብ መድረኽ ጽንዓትን ሰላምን ኤርትራ (1992-2026)

| ዓመታት | ዓመተ-ምህረት | ኣርእስቲ ቴማ ናጽነት |
|---|---|---|
| 1ይ | 1992 | ንዓማም ዳግመ ህንጻ ከም ገዕዞ ሓርነት ብትብዓት ክንዛዘሞ ኢና! |
| 2ይ | 1993 | ሕጂውን ዕላማና ብልጽግናን ሰልጥንትን ሃገር ምህናጽ እዩ! |
| 3ይ | 1994 | ከም ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ዳግመ ህንጻ ተኣምር ንስራሕ! |
| 4ይ | 1995 | ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ጸገማትን ስራሕን! |
| 5ይ | 1996 | ከም ተኣምር ናጽነት ቅያ ልምዓት ክንሰርሕ ኢና! |
| 6ይ | 1997 | ንጹር ራእይን ጽኑዕ መብጽዓን! |
| 7ይ | 1998 | ከም ተኣምር ናጽነት ቅያ ኣብ ልምዓት! |
| 8ይ | 1999 | ብዘይ ሃገር ክብረት የለን! |
| 9ይ | 2000 | መዓልቲ ናጽነት መዓልቲ ጽንዓትን መኽተን! |
| 10ይ | 2001 | ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ! |
| መበል 11 | 2002 | ብጦሳት ንወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ! |
| መበል 12 | 2003 | ሓይልና ኣብ ልምዓት ንኹሉ ድልዋት! |
| መበል 13 | 2004 | ጥሙራት ኣብ ማሕላ ሓንቲ ሰንደቕ! |
| መበል 14 | 2005 | ልደት ሰብኣዊ ክብረትን ቁጠባዊ ሓርነትን! |
| መበል 15 | 2006 | ስራሕ ክብረት ዝሁብ ክብሪ! |
| መበል 16 | 2007 | ወፍሪ ሎሚ - ራህዋ መጻኢ! |
| መበል 17 | 2008 | መኽተና ዋሕስ ናጽነትናን ዕብየትናን! |
| መበል 18 | 2009 | ናጻ ማስመርና ዋሕስ ልምዓት! |
| መበል 19 | 2010 | ብስራሕ፣ ንምኽት ንዓዮስ! |
| መበል 20 | 2011 | ወሁድ ቅኒት ሻገራዊ ክብረት! |
| መበል 21 | 2012 | ናጽነትና ክብረትና! |
| መበል 22 | 2013 | መኽተ ድርዕና ፡ ስራሕ ክብርና! |
| መበል 23 | 2014 | ንራህዋ ጽባሕ ፡ ሎሚ ንስራሕ! |
| መበል 24 | 2015 | ልምዓት ብጸገማት! |
| መበል 25 | 2016 | ርብዒ ዘመን ኣብ መኽተን ልምዓትን! |
| መበል 26 | 2017 | ብርሃን ንደርማስ ምዕባለ! |
| መበል 27 | 2018 | ራእዩ ብዕዮ! |
| መበል 28 | 2019 | ጽንዓት፣ ብጽንዓት ንልምዓት! |
| መበል 29 | 2020 | ንምኽት ንስጉም! |
| መበል 30 | 2021 | ወትሩ ንኹሉ ድሉዋት ! |
| መበል 31 | 2022 | ንያትና ነጻ ሕርያና! |
| መበል 32 | 2023 | ቅያ ስጡም ማሰርዕ! |
| መበል 33 | 2024 | ውሕስነት ሰላም ብመኽተ! |
| መበል 34 | 2025 | ማስመርና ድርዕና! |
| መበል 35 | 2026 | ጽንዓትና ዋሕስና! |




## ዕድመኺ'ዩ ዕድመይ

ህንጻ ኣይኮንኩን ዝብል ሰንከልከል
ዕሽል'ውን ኣይኮንኩን ሓድሽ ብርኪ ተከል
ጎበዝ'የ ንስለ ዕድመ፡ ዕድመ ዝቘጸርኩ
ዕስራታት ሓሊፈ ሰለስተ ዓሰርተ ዝረገጽኩ።
ግን ከኣ...ነቲ ዓሰርተ ብምሉኡ ካብቲ ዕስራ ንገሊኡ
ሰሪዘ'የ ዕድመ ዝቘጽር ኣብ ጽላል ብርሃንኪ ኮይነ
ምስ ዕለተ-ልደትኪ፡ ዕለተ ልደተይ ዘኽብር።

ከመይ'ሲ ንስኺ....
ካብ'ቲ ናይ ዘመናት ጥንሲ ብሓያል ቃልሲ
ምስ በቓዕኪ ንሕርሲ ከም ፍጡር
ጀሚረ ብሓበን ክነብር።
እምበር ቅድሚ ምውላድኪ ዝነበረ ዕድመ
ትልኽ ዝበልኩሉ ኣብ ደልሃመት ተሸሚመ
ከም ምፍጣር'የ ተፈጢረ ነይረ
ምፍጣረይ ትርጉም ኣይነበሮን።

ስለ'ዚ... ቅድመኺ ምፍጣረይ ብዘይ ብኣኺ ቀዲመ ምንባረይ
ከም ምንባር ኣይቆጽሮን'የ ካላእ ትቕጻሮ።

ኣነስ ዕድመኺ'ዩ ዕድመይ
ካብ ጽባሕ ምፍጣርኪ ምቑጻር ዕለተ ልደትኪ
ዓፈፋ ሕሰመይ ቀንጢጠ
ላህመት መቐረትኪ ምስ ጠዓምኩ ምንባረይ ፈሊጠ።
ሽዑ ንስለ ምንባር ዝነበርክዎ ምንባር ደምሲሰ
ድሕሪ ምውላድኪ ምስ ዕለተ- ልደትኪ
ዕለተ-ልደተይ ኣሐዲሰ ናጽነት!

ምንጪ፦ መጽሓፍ "ጽባሕ"
ብስዉእ ተስፉሂወት ገብረሂወት

## ጥቕስታት ናጽነት

- "ናጽነት ካብ መጠን ንላዕሊ ሓጎስ እዩ።"- ሱዛን ቢ. ኣንቶኒ
- "እቶም ናጽነት ዘምጽኡልና፡ ናጽነት ምስጢር ናይ ሓጎስ፡ ትብዓት ከኣ ምስጢር ናይ ናጽነት ምዃኑ ይኣምኑ ነይሮም።" - ሉዊስ ዲብራንደይስ
- "ናጽነት ኩሉ ግዜ ካብ ዋናታታ'ያ እትመጽእ፡ ታሪኽ ናጽነት ከኣ ታሪኽ ተጻዋርነት እዩ።" - ዊድሮው ዊልሰን
- "ናጽነት ህይወታ ኣብ ልቢ፡ ስራሕን መንፈስን ደቂ ሰብ'ዩ። ስለዚ ከኣ ኩሉ ግዜ ክትህሉን ክትሕደስን ኣለዋ። እንተ ዘይኮይኑ፡ ልክዕ ከምታ ህይወት ክሁብዋ ካብ ዘኽእሉ ሰራውር ዝተማሕወት ተኽሊ ክትቅምስልን ክትመውትን ኢያ።" - ድዋይት ኣይዘንሃወር
- "ናጽነት እንተ ደኣ ዘይሃልዩ፡ መሬት፡ ህይወት፡ ወይ ካልኦት ንምንታይ ክጠቕሙና፤ ፋይዳ የብሎምን።" - ራፍል ዋልዶ ኤመርሰን
- "ህይወት ብዘይ ሓርነት፡ ልክዕ ከም'ቲ ኣካል ብዘይ መንፈስ'ያ።" - ካሊል ጂብራን

# ዝኽሪ ዛዛሚ ኩናት

## ጉዕዞ ኣሃዱና ናብ ኣስመራ

ግርማይ ወልደግዮርጊስ (መንከኒኖ)

(8ይ ክፋል)

### ዕሉል መትሎ መታሉ (ምዕባይን ምንኣሰን)

ገዛ እንዳ ሓፍተይ ምስ ኳሕኳሕኩ ክትከፍተኒ ዝተጸበኹዋ ዓባይ ሓፍተይ'ያ ነይራ። "ከልእያ ይኽእል'ዶ፤ ከመይ ኮን ትጸንሓኒ" ዝብል ሕቶ'ውን ኣብ ልበይ ዝበረ'ዩ። እንተኾነ ሓንቲ ጓል 14 ዓመት ጓል ኣብ ኩሩኹራኣ ዝጸሕ ክዳን ተኸዲና፡ ጥራሕ እግራ፡ ዕባይ ከተማ ዘይምዅና ከሉንተናኣ ዝምገረላ ጎፉ በሊትና። ፈለማ ሰንበደ ወረረኒ፡ ንሱ ተቐጺጸረ "ሓቀይ እዚ እንዳ. . . ደዩ" በልኩ ተመቓሊሉ። እዛ ጓል መልሲ ከይሃበትኒ ሓደ ወዲ 12 ዓመት ዝኾነ'ውን ህጻን ቀልዓ ንኣ ናብ ሓደ ጎድኒ ደፊኡ "መን ኢ'ኻ ንስኻ ተጋዳላይ ግርማይ ሓወና ዲ'ኻ" ክብል ሓተተኒ።

"እወ ኣነየ!"

"ወዲ መን ደኣ ኴንካ ወዲ ሓፍተይ፤" ኣነ'ውን ብናቱ ፍጥነት ብዘሰማማዕ መልሰን መልክዕ ሓፍተይ ኣብ ምስሉ ሃሰሰ እናበልኩን። ብኸምዚ ከኣ ተመራሪሕና ንቤት ኣተና።

ምስ ኣተ'ኻ ብሽነኽ የማነ ነታ ኣብ ማእከል ዝተኸየጠት ጣውላ ንምምዕራግ ተባዚለን ዝኸበባ ሳሎናት፡ ብጸጋም ክልተ ከረደንሳ ኣብ ወሸጠን ዝተፈላለየ ጣሳታት ዝሓቖፋ፡ ልዕለኣን ክልተ ዓበይቲ ኣሳእል ፊት ንፊት ዝጥምታኻ፡ ተለቪዥን ድማ ኣብ ልዕሊ ጣውላ ተሰቒላ ኣብ ጎድና'ውን ነተን ኣብ ግዜ ምድምሳስ ውቃው እዝ (ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል) ካብ ጸላኢ ዝሰለብናየን ቴፕ ሬዲዮ ኣተዘኻኽር ዓባይ ቴፕ ተጸጊዓ፡ ድሕሪ ማዕጾ ኣብ ዝበረት ፈርኔሎ በራድ ሻሂ ተሰኺሉታ፡ መንቀርቀር ግን ካብ ስራሕ ወጺኢ ክሳ ህልውናኣ ንኽተረጋግጽ ኣብ እዚ ናይ ፈርኔሎ ተጸጊዓ ነበረት። እዚ ናብራዚ ምስ ናይ ገዛ ወለደይ ናብራ ከፈነዞ እንክለኹ ዝተፈልየ ኮይኑ ተራእዩኒ "ብኸመይ፤" ዝብል ሕቶ ድማ ከም ሃሳስ ምስሊ ሕልፍ በለኒ።

እቲ ደሓር ወዲ ሓፍተይ ምዃኑ ዘረጋገጸኩ ቀልዓ፡ ድሕሪ ምስዕዓምና ካብ ሑቕፈይ ተፈልዩ ነቲ ናብ ላዕሊ ዘንቃዕርር መሳልል (ኣስካላ) ከም እራብ ዘለሉ ክድያቦ ተዓዘበኩዎ። ካብ ላዕለዋይ ደርቢ ድማ ንሓፍተይ ሐዚዋ ወረደ። ዕልልታ ደርጕሓ ሓቝፉ ሰዓመትኒ። ክልተና ናይ መትሎ መታሉ (ምዕባይን ምንኣሰን) ሕሉፍ ዝኽርና ብዘድነበሰ ተሰዓዓምና።

ድሕሪዚ ኣብ ጎድነይ ኮፍ ኢሉ "እንታይ ደኣ ዓበርካ፤ ገድሊ ክሰብ ክንድ'ዚ ደዩ ዘዕበር፤" ጸጊሓ ኣካላተይ እናዳህሰሰት "ሓቀይ ተወጊኡ ሰሚዕና ነይርና ኣብ ምንታይካ'ዩ፤" ዝብሉን ካልኦትን ሕቶታት ብኣድራጋ ሓተተትኒ። ጸንሕ ኢላ እውን "ተመርዒኻ'ዶ፤ ወሊድካ'ዶ፤" ዝብሉ ሕቶታት ኣሰዓበትለይ። ነዩም ሕቶታት ከም ኣመጻጽኦም ሕብሮም ኣሕጽር ኣሕጽር ኣቢለ መለስኩላ። ኣብ መንጎ ወያ ዝተሰኽተተት በራድ መኽደና ከንፈርፍር ምስ ጀመረ፡ ዝቃመም ተቓሚማ ወረደት። ሻህን ጥንን ተቐሪቡለይ ድማ ተዓንገልኩ። ድሕሪ ሻሂ ካብታ ኣብ ጁባይ ዝበረት ጥራ ሽጋራ፡ ሓንቲ መዚዘ ብክርቢት ወሊዐ ክትክኽ ጀመርኩ። ሓፍተይ ሽጋራ ምውላዐይ እሞ ከኣ ኣብ ማእከል ገዛ ባህ ከምዘይበላ ንምግላጽ ትኾውን "ኢይ ሓቁ እንደዩ ኑበሰካ ክውዳእ፡ እዛ ሽጋራ እንድያ

ትቕትለካ ዘላ!" ኢላ ብኣንክሮ ድሕሪ ምዕዛብ፡ ነቲ ቀደም ተማዛራይ እንክለኹ ዝበረኒ ዝምሰሎን ዲሲፕሊን ዘከራ ተኻዘት። ኣነ'ውን ብዘግብረይ ቁሩብ ሰኸኽ ኩበለኒ ጀመረ፡ ካብዚ ስክፍታ'ዚ ንምግልጋል "ሰሚዒ፡ ኣብ ሜዳ እንክለኹ ሓዳር ከም ዝገበርኩ ምስ ሰማዕኩ ሓቂ ይግበሮ'የ ዝበልኩ፡ እስኪ'ባ ገለ በልና" ክብል ፍሽኽታ ኣሰንዩ ተወከስኩዋ።

"ሓቂ ጥራይ ደዩ ሰሲስተ'ኳ በጺሐ" ኢላ ነዩም ደቃ ሓደ ብሓደ ኣሰምዩዎም ዘርዘረትለይ። "ጽቡቕ ሰማዕ! እዚ ንባዕሉ ዓቢ ብስራት'ዩ" በልኩ ውሸጣዊ ባሀታይ ኣብ ገጸይ እናተነበበ። ቀጺለ "እቲ ብዓል በትኪ"ኽ መን'ዩ ዝበሃል፡ ምስ ሰበኣይ ሓፍትና ክንኣለ" በልኩ ሕጂ'ውን ፍሽኽታ ሓዊሰ።

ዝን ኢላ ከይኣ'ኽላ ክሳድ ኣድንን ወሲ'ኻ "ሓዳር ምግባረይ ዘይተሓበኣካ ደኣ፡ ምስ መን ሓዳር ከም ዝገበርኩ ከመይ ኢሉ ይሕብኣካ፤" ክትብል ስክፍታኣ ብዘተዘዋዋሪ መገዲ እናገለጸት፡ ናብቲ ብዮማንና ዝበረ ዝተሰቕለ ስእሊ ወዲ ተባዕታይ ኣመልከተት።


እናተለቃቐብ ኣብ ዝቐጸለሉ ዝበረ ህሞት - ንእሽቶ ሓወይ ደበኽ በሉ። ቀድሚ ሕጂ ኣብ ማይ ኣንበሳ እንክለና፡ ጽቡቕ ገይርና ተራኺብና'ኳ እንተነበርና ሕጂ'ውን ከም ሓድሽ ብድምቀት ተሰዓዓምና። ንሱ ናብ እንዳ ሓፍትና ንእግሪ መገዱ ደኣሉ ተኣልዩ እምበር ንዕላል'ሲ መደብ ኣይነበሮን። ስለዚ ንኣይ'ውን ክምገልኣኒ ስለዝደለዩ፡ "ሰምዒ ግርማይ ኣዛ ከተማ ረሲዕካያ ትኸውን ኢ'ኻ'ሞ፡ ካብዚ ሰዓት እዚ ንደሓር ዝሕዘ ስራሕ ስለዘይብለይ ዘይንኸይድ ብሓደ ዘይንዞር" ክብል ነቲ ብዙሕ ኣስመራ ዝበረኒ ዘይሃሪፈ ናይ ምስትምቓር ባህጊ ኣበራበረለይ።

"ንኺድ ሕራይ" ኢለ ብድድ በልኩ። ሓፍተይ ግን "ብሓደ ኣፈፉ! ሎሚ'ሰባ ምሳይ ወዓል - ናፍቖተይ ብዕሽሉ እንክሎ ክትገድፈኒ፤ በሉት ምግራም ሓዊሱ። እንተ ኣነ ኻዛ ዚኻኻ ዘለኹ ከተማ ውሽጣን ውሻጠኣን ዝፈልጥ ሓዊ ረኸቡ ከምኡ ድማ ናብ ኣሃዱያይ ዝኸደሉ ግዜ ሓጺር ብምንባሩ ዓይነይ ኩሓሲ ኣይደለኹን ምሕዳረይ እኮ ምሳኺ እዩ" ዝብል ዘደዓዕስ ዘረባ ተዛሪብ ምስ ሓወይ ብሓደ ወፊርና።

ኣሰንዩም፡ ኣብ ጎደናታት ዘዘሩዎ ዝበሩ ኣደጊ እዩ፡ ኣብ ልዕሊ ጉጅለቲ ዝበርም ጽልኢን ናጽነት ዝፈጠረሎም መሰተርሃትን ዘንጸባርቕ ምርኢት።

ዳርጋ ሰዓት ትሸዓተ ናይ ምሸት ኮይኑ ነበረ። ቀድሚ ናጽነት እዚ ሰዓት'ዚ ጎደናታት ኣስመራ ጸረውረው ዝብሉሉን ዜጋታት ብወተሃደራት ዝሰብዙሉን ብጥርጣረ ዝእሰሩሉን እዋን እዩ ነይሩ። ሽዑ ግን ቀልዓ ሰበይቲ ብጉጅለን ብውልቅን፡ ልክዕ ከም ቀትሪ ሸናዕ ይብሉ ነበሩ። ሓወይ ድማ፡ ተጋዳላይ ሓው. ሐዙ፡ በቲ ቀድሚ ሕጂ ተወር ኢሉ ከይድዎ ዘይፈልጥ ብምዝዋሩ ተወሳኺ ፍናን ይሰምዖ ነበረ። ኣንጎሎ ኣንጎሎ ክንጠዋወ እንክለና ግን፡ ሓወይ ገለ ነገር ከም ዝረኣየ ወይ ልዕሊ ዓቐን ብርሃን ከምዝደገሐ፡ ኑበሱ እሰር ኣቢሉ ንድሕሪት ክምለስ ዝደለየ ክመስል ሃንደበት ሰገጥ ይብል ነበረ። ተግባሩ ምስ ተደጋገመ "እንታይ ርኢ'ኻ ኢ'ኻ ትሰንብድ ዘለኻ፤" ክብል ተወከስኩዎ።

"ወይ ንስኻ፡ እዚ እንሓልፎ ዘለና ቦታታት'ኮ ተዃሕስ ኢልካ ዝሕለፍ ኣይነበረን። ሕጊ ዝጡላሰኩ ኮይኑ እናተሰምዓ'የ ሰገጥ



"ብጸገጸንታ'ኳ ሰሚዐዮ እየ፣ ከረጋግጾ ኢለ'የ" በልኩዎ፡ ፍናን ንኽሰምዖ መንክብ ሓዘ "ደሓር ከኣ እዚ ጉዳይ'ኮ ብኣኺ ዝተጀመረ ኣይኮነን። ኣብኺ ጀሚሩ ኣብኺ ዝውዳእ እውን ኣይኮነን። ገለ ክፋል ካብ ሕብረተሰብና ከይተረድኦ ደዩ ብጸቕጢ ወይስ ዝረብሓሉ ነገር ሃልዩዎ ኣብቲ ብጸላእትና ብዕላማ ዝተሰርሓሉ ዘርኢ ናይ ምብላል ፖለሲ ኢትዮጵያ ክሰርሕ ጸኒሑ'ዩ" በልኩዋ ፈኹሱዋ ንኽተዕልለኒ ብምድላይ። እቲ ኣብ ናብራ ወለደይን ናታን ዝረኣኹዎ ፍልልይ ድማ፡ ምስቲ ስርዓት ዝተጸግዐ፡ ናብራኦም ካብቲ ሕብረተ-ሰብ ብርኡይ ዝፍለ ምዃኑ ተጋህደለይ።

ናብ ካልእ ኣርእስቲ ንምምዓዝ እዚ ህዝቢ ኣብ ሓጎስን ሳዕስዒትን ሓምሻይ መዓልቱ ኮይኑ ኣይደኸሞን፡ ኣይምዕሞን ደዩ፤" በልኩዋ፡ ድምጺ ዕመር ጓይላ ንሰምዖ ስለዝነበርና።

"ወይ ንስኻ ማዕረ ሰማይ ዝሰፍሓቱ ታሕጓሱ ከመይ ኢሉም ክደኽሙ" በለትኒ። እቲ ብማሰዋእቲ ዝተጨበጠ ናጽነት ንኣ'ውን ዝፈጠረላ ባሀታ ኣብ ደሃያን ገጻን ይንበብ ነበረ።

"ኣርእስቲ ዕላልና ከም ዓለብ ብምቕያሮታት

### ኣስመራ - ወተሃደራዊ መዓስከር

ዑደትና ቦታ ሕምብርቲ ኣስመራ ዝኾነት ኮምብሽታቶ (ጎደና ሓርነት) ጀመረ። ጸሓይ ደሮ ተኸዊላ ርያኣ ጠቕሊላ ትዕዘር'ያ ነይራ። ጸላም ከኣ ረጋና'ዩ ዝብል ክመስል ብበቖሩብ ንዝርከበሉ ኩቢ ከም ጸላሎት ብደነ ይሽፍና ነበረ። ኣብ ፖሎታት ዝተንጠልጠለ መብራህትታት ከተማ ድማ ምስ ጸላም ግጥም ክጀምሩ ምሊሕ ምሊሕ ይብሉ ነበሩ። ኣብቲ ጎደና ዝበረት ትጸበብ ትግፋሕ ከፋት ቦታ ጓይላ ብዘተኸሉ ወናምት'ያ መሲኣ። መኪና እዚ ጎደና'ዚ ኣይናታን'ዩ። ብሓጺሩ ጎደናታት ኣስመራ ተሸርካርቲ ክመሳለሰሉ ዘይካ ንጓይላ ዝተሰርሐ መሰላ። እቲ ኣብ ኩቢ ካቴድራል ዝበረ ጓይላ ፍሉይነት ነበሮ። ነቲ ጓይላ ዝመርሑ ዝበሩ መናእሰይ ፍሉጣትን ቀልቢ ኩሉ ሰብ ዝስሕብ ደርፍታትን ይደርፉ ነበሩ። ዘይረብረበ፡ ኣብቲ ድሙቕ ጓይላ ዝረብረብ ድማ ኣብ መሳልል (ኣስካላ) ካቴድራል ኮይኑ ንሓስ ናጽነት የስተማቕርን ጓይላ ይዕዘብን ነበረ። ኩታ ነቲ "ዘጥጣቖዐ ሓዊ ይብልዓዮ" እናበልና ብቀልዐና ንደርፎ ዝበርና ኣዘኻኸረኒ። ኣቓልቦ ኩሉ ዝሰሓቡ ገለ መንእሰያት፡ ኩናን ወተሃደራት ከዲናም ቆብዕ ጦርሰራዊት ኣብ ርእሱ ገይሮም "መንግስቱ ሃይለማርያም" ዝብል ጽሑፍ

ዝብል ዘለኹ። ግን ድሓን ከም ሕማም ሰዓል ካብ ሳልስቲ ኣይሓልፍን'ዩ" በለኒ። ብርግጽ ድማ ገለ ጎደናታት ብሸሻሹ ዝመልኣ ሐጻ ወይ ድማ ታኒካታት እሲቃጥላ ዝሓዘ ብዘተጉተረ ገመድ ተዓጊቱ እዩ ዝርኣ ዝበረ። ዘንገዕካ በዚ ቦታታ'ዚ ክትሓልፍ እንተፈቲንካ፡ ዋርድያ ወተሃደር ነታ ገመድ ሰሐቡ ነቲ ሰቃጥላታት ሽዋሕዋሕ የብሎ'ሞ፡ ድሕሪኡ ልብኻ ተመሊሕካ ትምለስ። እቲ ወተሃደር ድማ " ቅምዖም ወንበዴ!" (ቆማል ሽፍታ) ዝብል ስልማት ይህበካ። ሓያሎ ጎደናታት ኣስመራ ከምኡ ስለዝነበረ፡ ናብ ቀረባ ቦታ ክትበጽሕ ከም ሽንቲ ብዕራይ ክትጠዋወ ኢ'ኻ ግዜ ተጥፍእ። "ከምዚ'ዩ ነይሩ ሕልፈትና ደቂ ኣስመራ፤ ካልእሲ ይትረፍ ኻዛ እንሸላ ሽቓቕ ክንበጽሕ'ውን ደለፍ (ደሕለፍ) ከወጽኣላ ቁሩብ ተሪፉና ነይሩ" ክብል ሓወይ ብዘዕባ'ቲ ዝሓለፉዎ ዘርዕድ ህይወት ኣዕለለኒ።

እቲ ዝዕዘቦ ዝበርኩ ኩሉ ናብ ዓመት 1984 ገርግር ኣስመራ (ሶሚናዊ ምብራቕ ሳሕል) መለሰኒ። እዋኑ ሰዓት ሸሞንተ ናይ ምሸት ነበረ። ነታ ረቃቕ ቴንዳ መንጸፈይ ኣብ መሬት ኣንጸፈ፡ ነቲ ምሉእ መዓልቲ ጸሓይ ከወቕያ ዝወዓለ መሬት ሳሕል ሃሪጽታኡ ዝከይ እናሽልበበ ጎቦ ኮይኑ

ንምዝሕላሉ ዝኣክል ዝከይ እናኾለጥኩ ይቃለሶ ነበርኩ። ነታ ትንታኣ ደጸበቕ ይሕመቕ ወትሩ ዝከታተላ ማዕከን ዜና ዓዲ እንግሊዝ (BBC) ወለይ፡ ብዘያዳ እታ ናብ ጉዳያት ኣፍሪቃ ኣተኩራ እትትንትን መደብ "focus On Africa" (ኣድህቦ ናብ ኣፍሪቃ) እከታተል ነበርኩ። ሓንቲ ናብ ኣስመራ በጺሓ ዝተመልሰት ጋዜጠኛ፡ ብዛዕባ ከተማ ኣስመራ ምስ ተሓተተት፡ "Asmara is not a city, It is better to say A military camp" ዝበለታ ትዝ በለትኒ'ሞ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ኮይና ንዝጠቕሰቶ ሓበሬታ ክሰምዖ እንክለኹ፡ ብዛዕባ ውሱን ቦታታት ኣበጊሳ ናይ ጋዜጠኛን ፖለቲካን ምዃን ወሲ'ኻ ዝበሎ ኮይኑ'ዩ ዝሰምዓኒ ነይሩ። ብኣካል መጺአ ሐዳ ዝመልአ ከሻሹ ኣብ መንጎ ክልተ ሰድራቤታት፡ 10 ሜትሮ ኣብ ዘይርሕቕ ቦታታት ተሓጺሩ ምስ ረኣኹ ግን፡ ኣማን ብኣማን ኣስመራ ካብ ከተማ ንላዕሊ ወተሃደራዊ መዓስከር እያ ነይራ (Garrison state) ምባል ግቡእን እዋኑን ምንባሩ ተገንዘብኩ። ህዝባ ኣብዚ ትንፋሳ ብዓይኒ መርፍእ ንኽትሓልፍ ዝደርኽ ሕሰም እዋኑ ብሓሶትን ጠቕንን ንዝተኣሰሩ ደቁ ከፍትሕ ብገቦ ሃብቱ በሪሱ፡ ግን ከኣ ብጽንዓት ናብዚ ትሰፋው ናይ ናጽነት መድረኽ ምብጻሑ ከኣ ተሓበንኩ።

ኣብዚ ናይ ሓጎስ ቅንያት፡ ህዝቢ ኣስመራ ዝኾነ መምርሒ ከይተዋህቦ ብናቱ ተበግሶ ወፈራዊ ጽሬት ብምውዳቡ ነቲ ብቐበፀን ክዳውንትን ወተሃደራት ስርዓት ኢትዮጵያ ረሲሑ ዝበረ ጎደናታት ከጽሩ ነዩም ኣብ ፈቓዶ መናድቕ ዝተጻሕፉ መግለጺ ጭቆና ዝኾኑ ጭርሖታት ከጽርን ክድምስስን እንክሎ፡ እንተላይ ነቲ ኣብ ዝቡሉ ተጻዒኑ ንሓንጎሉን መሓውሩን ዘበዝእ ዝበረ ምስሊ መግዛእቲ ንሓዋሩ ይድምስሶ ነበረ።

ምስ ሓወይ ነዛ ሓዳስ ሓራ-ውጽእ ከተማ ኣስመራ ክንዝረ ለይቲ ኮነ። ተተሓሒዝና ድማ ናብቲ መዓልቦና ዝኾነ እንዳ ዓባይ ሓፍተይ ኣምራሕና። ደቂሰን ክጸንሓና እናሓሰብና፡ ሓፍተይ ምስ መሓዙታ ደርፊ ወዲ ትኹል ወለዐን ሸሸ ክብላ ጸንሓና። እትው ምስ በልና ኩለን ንኽበርና ብድድ ብድድ ኢለን ቦታ ሓደጋልና። ሓፍተይ ቅሬታኣ ንምግላጽ "ካን ከምኡ ደዩ ዝግበር" በለትኒ። ቀጺላ "በሉ ድራር ክንቅርብ" ኢላ ዝተኸሸነ ጸብሒ ስጋ ቀረበትልና። ነታ ፈለማ ዝተቐበለትና ሰራሕተኛ ገዛ መሕጸቢ ንኽተምጽእ ኣዘዘታ። እቲ ዝቐረበትልና ጸብሒ ኩሉም ኣለዉ ዝበሃሉ ቀመማት ግዲ ኣትየሞ ኮይናም፡ ሽታኡ ንሓሳፍ መገዲ'ውን ዝዕድም ነበረ። እቲ ህርፍ ኣልካ ምብላዕ ሳላ ገድሊ ካብ እንርስዖ ነዊሕ ግዜ ኮይኑ እዩ። ከም ባህጊ ሓፍተይን ኣጋይሽን ክበልዕ ብዘይ ምኽኣለይ ተደጋጋሚ ወቐሳ ይቐርበለይ ነበረ። እቲ ኣብ ጉጠዞና ዝርከበ ዝበረ ሓወይ ግን ንኣይ "ከይትበልዕ'ሲ!" ዝብል ናይ ድንጋጸ ቃላት እናደርበዩ፡ ነቲ መኣዲ ኣይገደፈሉን ንሓፍተይን ንኣጋይሽን ድማ ኣሐጎሶም።

ኣብቲ ገዛ ዝጸንሑ ኣጋይሽ "በሉ እንቋዕ ናብዚ ኣብቅዓና! ኣዕርፉ ብሩኽ ለይቲ" ኢሎም ተፋነዉና። ሓወይ ድማ ኣነን ሓፍተይን ብዛዕባ ሕሉፍ ከዕልል ገዲፉና ሓፍተይ ናብ ዝመደበትሉ መዳቕሶ ከደ። ንሕና ብዛዕባ'ቲ ድሕሪ ምፍልላይና ዝተሓለፈ ሂወት መግዛእቲ ክዕልል እቲ ግዜ ሰዓት ኣርባዕተ ወጋሕታ ኮነ። ድሕሪዚ ድቃም ወሪሩና፡ ቦታ ንኸዕልል ኢልና ጎቦ ዝኾንናያ ድቃስ ሐዚና ህልም በሉ።

ይቕጽል . . .

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ማእከል - ቅድድም ብሽክለታ ዋንጫ ናጽነት ተሰላሲሉ



ዓመታዊ ዋንጫ ናጽነት ንምዕታር ዝቐርብ ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 10 ግንቦት ኣብ ከባቢ ጃልያ ቀዳማይ መድረኽ ኣሰላሲሉ።

ደቂ ኣንስትዮ፡ 70 ከሎሜተር ተሰሪዐለን። ተቐዳደምቲ ክለብ ደንደን ኤልያና ተኽለማርያም፡ ናይ መወዳእታ ደወል ምስተሃርመት ብዘወሰደቶ መጥቃዕቲ፡ ንኣብል ዓራግ ብርኽቲ ፍስሃየ ኣኸቲላ ቀዳመይቲ ኣትያ። እዘን ተቐዳደምቲ ብዝምጋም ኣብ ሰዓት 35.1 ከሎሜተር እናረገጻ እየን ብ1 ሰዓት፡ 58 ደቓይቕን 29 ካልኢትን ወዲአን።

ርምና ገብሸ - ደንደን፡ ሰዶን ሃብተም - ሰራዪር ሳዋ፡ ኣድያም ዳዊት - ደንደን፡ ኣርሴማ ዓንደጼን - ዓራግ ድማ፡ ክሳብ ሻዱሻይ ዝዘሎ ደረጃ ሓዘኣን።

ኣስታት 140 ተቐዳደምቲ ናይ ዓበይትን ትሕቲ 23 ዓመትን፡ 110 ከሎሜተር ተሰሪዑሎም። ኣብቲ ዝተፈላለየ ጉጅለታት ዝተማስረታሉን ብዓበይ ጉጅለ ዝተዋሕጣሉን ውድድር፡ ፋኑኤል ሰለሙን ካብ ኣስበኮ፡ ኤስርም እስቲፋኖስ ካብ ሰንበል ከምኡ’ውን ኤፍሬም ዘርኣጋብር ካብ ደንደን ንኣስታት 45 ከሎሜተር ኣብ ቅድሚት ኮይኖም ክመርሑ ድሕሪ ምውዓል፡ ጸወታ ክዛዘም ሓደ ዙርያ ምስ ተረፎ ዓብይ ጉጅለ ኣርኪቡዎም።

ዓብይ ጉጅለ ብጥርኑፍ ኣብ ዝቐደደቶ ሓያል ቅጽበታዊ ውድድር፡ ኣብ መዛዘሚ ዙር ዞባ ማእከል ብተቐዳዳማይ ጋንታ ደቡብ ርበል ሃብተማርያም ብጸቢብ ዝተበልጸ ተቐዳዳማይ ሰንበል ናኦድ በርኸት፡ ኣብዛ መድረኽ ፊት ንፊት ኣብ ዝተረባረቡሉ ናይ ዝሓለፈ ስዕረቱ ኣማሊሱ ንርበል ብጸቢብ ሰዒሩዎ። የሴፍ ኣለም - ኣስበኮ፡ ሚካኤል ዳኒኤል፡ ናታን ተስፋኣለምን ንፍታሌም ኤፍሬምን ሰለስቲኦም ካብ ደንደን ከኣ ካብ ካልኣይ ክሳብ ሻዱሻይ ዝዘሎ ደረጃ ሒዞሞ። እዞም ዲቪዥን ኣብ ሰዓት 44 ከሎሜተር እናተሓንበቡ ንዝተሰርዐ ርሕቀት ብ2 ሰዓት፡ 29 ደቓይቕን 53 ካልኢታት ዛዚሞሞ።

ኣንጊህም፡ ኮቴት (ዩዝ) ደቂ ተባዕትዮ ተቐዳደምቲ 60 ከሎሜተር ሸፊኖም። ተቐዳዳማይ ሰዶን ከሰተ ካብ ጋንታ ኣድማስ ድማ ኣብ ሰዓት ብዝምጋም 42.39 ከሎሜተር እናረገጸ 1 ሰዓት፡ 24 ደቓይቕን 56 ካልኢትን ተዓዊቱ።

ሄኖስ ተከኤ - ትጸቢት፡ ሰም ሃይለ - ሳሊና፡ ሳምሶን ክፍላይ - ትጸቢት፡ የናዳኣብ ሚካኤል ኣይቢኤ፡ እሰይ ወልዱ - ትጸቢት ካብ ካልኣይ ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም።

70 ከሎሜተር ካብ ዝተሰርዓሎም ማእከሎት (ጁንየር)፡ ዳይሞን ሰለሙን ካብ ኣስበኮ ኣብ ሰዓት ብዝምጋም 43.6 ከሎሜተር እናረገጸ ቀዳማይ ኣትዩ። ብተመሳሳሊ ግዜ ከኣ ናትናኤል መርሃዊ - ትጸቢት፡ ሄኖስ የማነ - ገዛ ጥኑዱ ብውልቁ ዝተወዳደረ ናኤብ መሴ፡ ኣሌክሳንደር ግርማይ - ትጸቢት፡ ኤስርም ሚካኤል - ኤሪተል እግሪ እግሩ ሰዒቦም ክሳብ ሻዱሻይ ዝዘሎ ደረጃ ሒዞሞ።

እዚ ውድድር፡ ሰንበት 17 ግንቦት ኣብ እንዳ ማርያም ካልኣይን መዛዘምን መድረኽ ሰሪዑ ኣሎ።

## ውድድር ዋንጫ ናጽነት ባይታ ተኒስ ቀጺሉ

ውድድር በዓል ናጽነት ዋንጫ ባይታ ተኒስ ዞባ ማእከል፡ 9ን 10ን ግንቦት ጸወታታት ተኻይዱ።

ኣብ ትሕቲ 16 ዕድመ ደቂ ተባዕትዮ፡ እፍሬታ ግርማይ ንኬብሮን ተሾመ 6ብ3 6ብ0፣ ናህ በርኸት ድማ ንኣማኑኤል ኣስገዶም 6ብ2 6ብ1 ስዒሮም ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፎም ኣለው።

ኣብ ናይ ጽምዲ ጸወታታት፡ ኣብ ትሕቲ 12 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ፡ ጋንታ ሂያብ ጸጋዝኣብን ቅሳነት ተኽለሃይማኖትን ንኤልዳና ተስፋኣለምን ለውሃት ኣርኣያን ብተመሳሳሊ ክልተ ግዜ 6ብ0 ስዒረናአን። ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ደቂ ተባዕትዮ፡ ፍናን የማነን ፍቕረማርያም ሓዲሽን ኣንጻር ቅዱስ ሰለሙንን ዩኤል ብርሃንን ኣብ ቀዳማይ ጸወታ ቅዱስን ዩኤልን 7ብ5፡ ኣብ ካልኣይ ጸወታ ድማ ብጠፊሕ 6ብ1 ስዒሮሞም።

ኣብ ትሕቲ 14 ዓመት ድማ ኬቨን ዕቑባይን ኣቤል ኣንገሶምን ንበሩክ ዕድልን ሳሙኤል ኣስመሮምን ብ6ብ0 6ብ3 ስዒሮሞም።

## ባርሴሎና፡ ሻምፕዮን ላ’ሊጋ ኮይና

ስጳኛዊት ክለብ ባርሴሎና፡ ሰንበት ኣብ ጸወታ ኤል ክላሲኮ ንቀንዲ መተሃላለኺታ ሪያል ማድሪድ 2ብ0 ድሕሪ ምስዓራ፡ ሻምፕዮን ላ’ሊጋ ናይዚ ወቕቲ ኮይና።

ማርከስ ራሽፎርድ፡ ኣብ ታሽዐይቲ ደቒቕ ብመገዲ ናጻ ቅላዕ ብልጽቲ ሸቶ ብምቑጻር ዝደፈሮ ልዳት ሪያል ማድሪድ፡ ፌራን ቶረስ ድማ ድሕሪ ትሽዓተ ደቓይቕ ብዑቡጽ ምቕብባል ኣብ ወሽጢ ልዳት ንዝተቐበላ ኳዕሶ ኣብ ሰኪዖት ኣዕሪፉዋ። ባርሳ ከኣ ላ’ሊጋ ገና ሰለስተ ግጥማት ተሪፉዎ እንከሎ ካብ 35 ግጥማት 91 ነጥቢ ኣኪባ ሻምፕዮን ክትከውን በቒዓ። ማድሪድ ብ77 ነጥቢ ትስዕብ።



ባርሳ ኣብ ጸወታ ኤል-ክላሲኮ ሻምፕዮን ላ’ሊጋ ክትከውን ዝበቕዐት ቀዳማይ ጋንታ’ውን ኮይና - ድሕሪ 94 ዓመታት። ኣብ ናይ 1932 ላ’ሊጋ እዚን ክለባት 2ብ2 ድሕሪ ምፍልላየን ሪያል ማድሪድ ሻምፕዮን ክትከውን በቒዓ ነይራ። ናይ ባርሳ ፍልይ ዘበሎ ግን ተዓዊታ እያ ሻምፕዮን ኮይና። ብሓፈሻ እዛ ብሃንሲ ፍሊክ እትዕለም ጋንታ፡ ንመበል 29 ግዜኣ እያ ሻምፕዮን ላ’ሊጋ ትኸውን ዘላ።

ቅድሚ ገለ ሰዓታት ምጅማር ናይቲ ጸወታ ኣቦኡ ዝሞቶ ጀርመናዊ ሃንሲ ፍሊክ፡ ናይ ፈለማ ዓለሚ ንዋንጫ ላ’ሊጋ ኣኪታቲሉ ዝተዓወተላ ኮይኑ - ድሕሪ’ቲ ናይ ቅድም ዓለሚ ናይዛ ጋንታ ኤርነስቶ ቫልቨርደ ኣብ 2018ን 2019ን ዝሰርሖ ታሪኽ።

ብመንጽሩ፡ ብኸዋኽብቲ ተጻወትቲ ተተኽቲኻ ዘላ ሪያል ማድሪድ፡ ንካልኣይ ተኸታታሊ ወቕቲ ብዘይ ዋንጫ ትዛዘም ኣላ። እዛ ክለብ ብዝተፈላለየ ውሽጣዊ ጉዳያት እናተሓመሰት እያ፡ ነዚ ወቕቲ ብዘይዋንጫ ትዛዘማ ዘላ።

## ሊግ ዓንሰባ - ኣልነስርን ዓንሰባን ክልተ ነጥቢ ከሲረን

ሊግ ዓንሰባ ዝሓለፈ መዓልታት ኣብ ስታድዩም ከረን ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ኣልነስርን ዓንሰባን ክልተ ነጥቢ ከሲረን።

ቀዳም፡ ፈለማ እታ ኣብ ድሕሪት ሰሌዳ ዘላ ሕውኑት ምስታ ብቐዓታ መሊሳ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ እትርከብ ኣልሂላል ተጻዊተን። ቀዳማይ 45 ደቒቕ ሸቶ ብዘይ ሸቶ ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ኣልሂላል ኣብ ካልኣይ እብረ ሓይላ ብምምላስ ኣከታቲላ ኣብ መበል 63፡ 73ን 81ን ደቓይቕ ክልተ ካብ ረዳእ ወልደሚካኤል ሓንቲ ካብ ሚክኤለ መሓሪ ኣመዝጊባ።

ሕውኑት ንዝተመዝገበኣ ሸቶታት ንምሕዋይ ጻዕሪ ኣካይዳ ሰዓት ኣብ ምእካሉ ካብ ስዕረት ዘዩናግፉ ክልተ ሸቶታት ኣመዝጊባ። ኣልሂላል ከኣ 3ብ2 ተዓዊታ። ኣብ ቁመና ዝርከብ ረዳእ ወልደሚካኤል ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ጸወታ ተባሂሉ።

መራሒት ሊግ ዓንሰባ ዘላ ኣልነስር፡ ምስ ላሳለ ኣብ ዝገጠመትሉ ጸወታ፡ ክንዮ ፈተነታት ሸቶ ኣይተመዝገበን። ኣልነስር ድማ ክልተ ነጥቢ ብምኽሳራ፡ ነታ ድሕሪኣ ትጻወት ዓንሰባ ኣርባሒ ነይሩ። ናይቲ ጸወታ ብሉጽ ተጻዋታይ፡ ስምኦን ሕድሩ ካብ ላሳለ ተጻዊዑ።

ሰንበት ቀዲመን ጋሽን ደንደንን ተራኺበን። ክልቲአን ጋንታታት ብሉጽ ቅልሰን ምንቅስቓሰን ኣብ ዘርኣያሉ፡ ጋሽ ቀዳማይ



እብረ ክዛዘም ሓሙሽተ ደቓይቕ ምስ ተረፎ፡ ብመገዲ ሰራክ ሰለሙን ሸቶ ኣቑጺራ ናብ ዕረፍቲ 1ብ0 መሪሓ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ ውዳበኣ ኣሐይላ ዝተመልሰት ደንደን፡ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ብተጻዋታይ ተመስገን ሀብትዝጊ ኣቢላ ክልተ ሸቶታት ብምቑጻር ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 2ብ1 ተዓዊታ። ተመስገን ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ጸወታ ተባሂሉ።

ግጥም ዓንሰባን ኣልሳሕልን ኣካል ናይቲ ዕለት ነይሩ። ዓንሰባ፡ ቅድሚ ሓደ መዓልቲ፡ መወዳድርታ ኣልነስር ክልተ ነጥቢ ከምዝኸሰረት ብምርኣይ፡ ንዓወት ዝያዳ ደለየታ። እንተኾነ፡ ኣልሳሕል እያ ኣብ ሳልሰይቲ ደቒቕ ብመልሰ መጥቃዕቲ ብመገዲ መሓመድ ሓምድ መሪሕነት ዘትሓዘታ ሸቶ ኣመዝጊባ። በዚ ዝሰንበደት ዓንሰባ መጥቃዕታ ኣሐይላ፣ ሸቶ ከተመዝግብ ግና ኣይከኣለትን። ናብ ዕረፍቲ ብመራሕነት ኣልሳሕል 1ብ0 ወጺኦን።

ዓንሰባ ድሕሪ ዕረፍቲ ንምምዕርራይ ኣብርቲዓ ሰሪሓ፣ ሰለጡዋ ድማ ካብ ኣይመን ጣህር ብልጽቲ ሸቶ ኣመዝጊባ። መዐወቲ ሸቶ ከተመዝግብ’ውን ሰሪሓ፣ ኣይሰለጣን 1ብ1 ተፈላልየን። ነቲ ጸወታ እንተትዕወተሉ ነይራ፡ ምስ ኣልነስር ዘበራ ፍልልይ ነጥቢ ናብ ሓንቲ ከተውርዶ ትኽእል ነይራ። ሓላዊ ልዳት ኣልሳሕል ዓብዱ ህያብ ብዘምከኖ ፈተነታት ብሉጽ ናይቲ ጸወታ ተጸዊዑ።

ኣብ ሓያል ጥምጥም ዝርከብ ሊግ ዓንሰባ፡ ዝመጽእ ሰሙን ክቕጽል ምዃኑ ካብ’ቲ ፈደረሽን ዝበጽሓና ሓበሬታ የመልክት።

## ሄኖክ፡ ደረጃኡ ኣመሓይሹ

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ኣስታና - ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ ትማሊ ኣብ ካልኣይ መድረኽ ዙር ኣዘርባጃን ሻውዓይ ኣትዩ።

ኣብዚ 193.3 ከሎሜተር ዝሸፈነ መድረኽ፡ ወዲ ጋንታኡ ንሄናክ የቕኒዪ ፈዶሮቭ ብ4 ሰዓት፡ 41 ደቓይቕን 38 ካልኢትን ተዓዊቱሉ። ኣብዚ ዓወት እዚ ልዑል ተራ ዝተጻወተ ሄኖክ፡ ትሽዓተ ካልኢት ድሒሩ ሻውዓይ ኣትዩ።

ፈዶሮቭ፡ ብ8 ሰዓት፡ 11 ደቓይቕን 30 ካልኢትን ንብጫ ማልያ ተቐቢሉዋ ኣሎ። ሄኖክ ከኣ፡ 14 ካልኢት ጥራይ ድሒሩ ካብ መበል 83 ናብ ሳልሳይ ደረጃ ሓኺሩ ይርከብ።

ናይ ሸኣ ማልያ’ውን ብ38 ነጥቢ ሒዙዋ ኣሎ - ፈዶሮቭ። ሄኖክ፡ ብ22 ነጥቢ ሻውዓይ ኣሎ።

ንሻውዓይ ግዜኡ ዝካየድ ዘሎ እዚ ናይ



2.1 ደረጃ መለክዒ ዘለዎ ውድድር፡ ሎሚ ሰሉስ ሳልሳይ መድረኽ ከሰላስል እዩ።

## ዜና ብሓጺሩ

* ኤቨርተን፡ ምስ ምዝዛም’ዚ ወቕቲ ካብ ማን ሲቲ ንዝዱና ጆን ስቶንስ፡ ዳግማይ ክተፈርሞ ድሌት ኣርእያ።

እዚ ወዲ 31 ዓመት እንግሊዛዊ፡ ኣብ ክረምቲ 2016 ናብ ሲቲ ቅድሚ ምጽምባሩ፡ ንሰለስተ ዓመት ስፖርት ንኤቨርተን እዩ ተሰሊፉሉ።

* ምስ ባርሴሎና ደሮ ክልተ ዋናጩ ኣልዒሉ ዘሎ ማርከስ ራሽፍርድ፡ ኣብዛ ጋንታ ንዓመታት ክጻወት ድሌቱ ምዃኑ ገሊጹ።

እዚ ወቕቲ ብልቓሕ ካብ ማን ዩናይትድ ናብ ባርሳ ተሰጋጊሩ ዘሕለፈ ዘሎ እዚ ኣጥቃዓይ፡ ብ30 ሚልዮን ዩሮ ብቐዋሚ ክስጋገር ይኽእል እዩ - ባርሳ እንተደሊያቶ።

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኢራን፡ "ኣመሪካ ዘይምኽንያታዊ ጠለባት ተቕርብ ኣላ" ኢላ




ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን እስማዒል ባጋይ፡ ኣመሪካ ዘይምኽንያታዊ ጠለባት ተቕርብ ከም ዘላ ወቒሱ።

እስማዒል ባጋይ፡ ትራምፕ ነቲ ኢራን ተጻብኦታት ንምቁራጽ ዘቕረበቶ እማመ ድሕሪ ምንጻጉ፡ ምርግጋእን ጸጥታን ናይቲ ዞባ ኣብ ሓደጋ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

"ብዝበረት ክንቃለስ ምስ እንግደድ ከይፈተና ክንቃለስ ኢና፤ ንዲፕሎማሲ ዝኸውን ቦታ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ድማ ነቲ ዕድል ጸንቂቕና ክንጥቀመሉ ኢና" ክብል'ውን ገሊጹ።

ንሱ፡ "ዲፕሎማሲ ናይ ጉጅለ ርእሱ ሕግታት ኣለዎ። እቲ ውሳኔ ኣብ ሃገራዊ ረብሓታትና ዝተመርኮሰ ክኸውን ኣለዎ። ኢራን ድማ ረብሓ ህዝቢ ንምሕላው ድሉት ከም ዘለዋ ኣመስኪራ እያ" ኢሉ።

ባጋይ፡ ኢራን እቲ ተኸሲቱ ዘሎ ወጥሪ ከብቅዐን መጻብቦ ሆርሙዝ ዳግማይ ክኽፈትን ዘቕረበቶ እማመ፡ ሕጋዊ ጠለብ ምኽንያት ኣስሚሩሉ።

ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ ንምንቅስቓስ መራኽብ ውሕስነት ምፍጣርን ኣብቲ ዞባ ሊባኖስን ጸጥታ ምስፋንን'ውን እዮም ካልኦት ጠለባት ሃገሩ ምኽንያም ዝገለጸ እቲ ኣፈኛ፡ ጸጥታ ናይቲ ከባቢ ምርግጋእ ሓላፍነቶም ምኽንያት ኣረዲኡ።

እቲ ኣፈኛ ኣብ መወዳእታ፡ ሃገራት ኤውሮጳ መራኽብ ውግእ ናብ መጻብቦ ሆርሙዝ ከይልእኻ ኣጠንቂቑ።

"ሃገራት ኤውሮጳ ንረብሓአን ዘዳኽም ዝኾነ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ክቑጠባ ይግባእ። እዚ ኩነት ዘይሰምምዕ ጥራይ ዘይኮነ ዘይሕጋዊ'ውን እዩ። ስለዚ፡ ሃገራት ኤውሮጳ ክጸንቓ የብለንን" ኢሉ።

## ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ንኢራን ከሲሰን

ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ኩዌትን ኢራን ኣብ ልዕሊአን መጥቃዕቲ ሚሳይላትን ድሮናትን ከም ዘካየደት ከሲሰን።



ዘጠለለ ካብ'ቲ መጥቃዕቲታት ዕላማኡ ከይወቓዐ ከም ዝበርዓ ዝገለጸ እተን ሃገራት፡ እቲ ስጉምቲ ኣብቲ ከባቢ ተፈጢሩ ዝነበረ ወጥሪ መለሱ ዘጋድድ ምኽንያት ኣጠንቂቐን።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሕ.ኢ.ዓረብ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ኢራን ብሸነኽ ናብታ ሃገር ክልተ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ከም ዝለኣኸትን እንተኾነ ክልቲአን ዕላማአን ከይሃረማ ተወቒዐን ከም ዝወደቓ ገሊጹ።

ይኹን'ምበር፡ መንግስቲ ኢራን ነቲ ብኽልቲአን ሃገራት ዝቐረበ ክሲ ኣሉታዊ ምላሽ ሂቡሉ ኣሎ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣመሪካ ኣብ ኩናት ክትሰዕር ስለ ዘይክኣለት፡ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ቀጠባዊ ኩናት ትእውጅ ከም ዘላ መንግስቲ ኢራን ወቒሱ።

ኣመሪካ፡ ካብን ናብን - ወደባት ኢራን ንዝንቀሳቐሳ ናይ ጽዕነት መራኽብ ብምዕጋት፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ሃገር ቀጠባዊ ጸቕጢ ትገብር ከም ዘላ እዩ መንግስቲ ኢራን ዝኸሰሰ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እስራኤል ካብ ዝሓለፈ 10 ግንቦት ንደሓር ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ ብዘካየደቶ ተወሳኺ መጥቃዕቲታት ኣስታት 40 ሰባት ከም ዝተቐትሉ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ሊባኖስ ሓቢሩ።

እስራኤልን ሊባኖስን ነቲ ኣማኢት ኣሽሓት ሰባት ኣመዛቢሉ ዘሎ ረጽሚ ደው ንምባል፡ ዝመጽእ ሰሙን ሳልሳይ ዙርያ ዝርርብ ኣብ ኣመሪካ ከካይዳ ምዃነን እዩ ዝገለጸ።

## ናታንያሁ፡ እስራኤል ካብ ምወላ ኣመሪካ ክትወጽእ ጸዊዑ

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ሃገሩ ኣብ ውሽጢ ዝቕጽል ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ሓገዝ ኣመሪካ ምምርኳስ ደው ክተብል ከም ዘለዋ ኣተሓሳሲቡ።

እስራኤል ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ዝዓበየ ተቐባሊት ፊናንሳዊ ሓገዝ ኣመሪካ ኮይና፡ ካብ 1948 ክሳብ ሕጂ ኣብ መዓይ ቁጠባውን ወተሃደራውን ዘውዕል ልዕሊ 300 ቢልዮን ዶላር ብመልክዕ ሓገዝ ካብ ኣመሪካ ክትቕበል ከም ዝኸኣለት እዩ ዝገለጸ።



ብመሰረት ኣብ 2016 ዝተኸተመ ናይ ዓሰርተ ዓመት ስምምዕ ኣመሪካ ክሳብ 2028 ኣብ ዘሎ ግዜ ናይ 38 ቢልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ሓገዝ ንእስራኤል ክትህብ ቃል ኣትያ ኣላ።

ብሓፈሻ፡ ኣስታት 16 ሚእታዊት ካብ ወተሃደራዊ ባጀት እስራኤል ብኣመሪካ ከም ዝሽፈን፡ ወተሃደራዊ ጸብጻባት ናይታ ሃገር የረድኣ።

"ምስ ኣመሪካ ዘለና ፋይናንሳዊ ዝምድና ናብ ባዶ ክወርድ እደሊ ኣለኹ" ዝበለ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ እቲ መስርሕ ሕጂ ክጅምርን ኣብ ዝቕጽሉ ዓሰርተ ዓመታት ክዛዘምን ከም ዘለዎ ኣስሚሩሉ።

ናታንያሁ ቀጺሉ፡ ኣመሪካ ንሃገሩ እትምጥዎ ሓገዛት እናነከየ ይኸይድ ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

ናታንያሁ ኣብ መወዳእታ፡ "እስራኤል ኣብ ግንባር ፕሮፓጋንዳ ናይ ማሕበራዊ መራኸብታት ብዘሕዝን ተሸኒፋ እያ ዘላ። ኣብ ኩናት ፕሮፓጋንዳ ከኣ ጸቢቕ ኣይሰራሕናን። ነቲ ኣመሪካውያን ምስ እስራኤል ዘለዎም ምድንጋጽ ንምእላይ፡ ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸብታትን ኣብርቲዕና ዝሰርሐ ሓያሎ ሃገራት'ውን ኣለዋ" ኢሉ።

ኣብ ዝሓለፈ መጋቢት፡ ኣባል ሰኔት ኣመሪካ በርኒ ሳንደርስ፡ ኣመሪካ ዋጋ 660 ሚልዮን ዶላር ኣጽዋር ንእስራኤል ክትሸጠላ ከተማትሉ ዘላ ስምምዕ ተግባራዊ ንኸይከውን ዝዓለመ ሰለስተ እማመታት ኣቕሪቡ ምንባሩ ይዝከር።

## ኬንያ ንመራሒ ፈረንሳ ትዕድም

ኬንያ፡ ዋዕላ ኣፍሪቃን ፈረንሳን 2026 ኣብ እተእንግደሉ ዘላ ግዜ፡ ንፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን ኣብቲ ዋዕላ ክሳተፍ ዕድመ ከም ዘቕረበትሉ ሓቢራ።

እቲ ትማሊ 11 ግንቦት ዝጀመረ ናይ ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን ናብታ ንቑጠባዊ ወፍሪ ኤውሮጳ ድልውቲ ዘላ ኬንያ ክቕንዕ ከም ዝኸኣለ እዩም ምሽ'ተን ሃገራት ቅርበት ዘለዎም ተንተንቲ ዘረድኡ።




ክልተ መዓልቲ ዋዕላ፡ ቋንቋ ፈረንሳ ካብ ዘዘርባ ሃገራት ኣፍሪቃ ወጻኢ ኣብ ዝኾነት ሃገር ክካየድ ንመጀመርታ ግዜ ምኻኑ፡ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ኣመልኪቱ።

ፕረዚደንት ኬንያ ዊልያም ሩቶ ስልጣን ካብ ዝሐዘ ንደሓር፡ ኬንያ ምስ ምዕራባውያን ሃገራት ሽርክነት ንምምስራት ድልውቲ ከም ዘላ እዩ ዝገለጸ።

ከም መርኣያ ናይ'ዚ ከኣ፡ ፕረዚደንት ፈረንሳን ኬንያን ኣብ ሚያዝያ 2026 ናይ ምክልኻል ስምምዕ ድሕሪ ምኽታሞም፡ ኣስታት 800 ወተሃደራት ፈረንሳ ምስ ሓይልታት ምክልኻል ኬንያ ሓባራዊ ልምምድ ንምኽያድ ናብታ ሃገር ከም ዝኣተዉ እዩ ኣልጀዚራ ዝሓበረ።

እንተኾነ፡ ስምምዕ ክልተአን ሃገራት፡ ዝያዳ ንስትራተጂያዊ ረብሓታት ፈረንሳ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ህንዳዊ ውቅያኖስ ዘገልግል ምኻኑ እዮም ተንተንቲ ፖለቲካ ዝወቐሱ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሓማሴን | 12/05/2026 | ጎደና ሓማሴን -176 ቁ.1፡ ከባቢ ሴዳው | 120205 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services